# ቃለ-መጠይቕ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

## ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት፡ 2026



- ***ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ዝሓለፈ ቃለ መጠይቓትካ፡ ንህሉው ዓለማውን ዞባውን ኩነታት ብዝምልከት ምስናይ ደሕረ ባይታኡ ሰፊሕን ዝርዝራውን መብርሂታት ክትህበሉ ጸኒሕካ ኢኻ። ካብዚ ብምብጋስ ናይ ሎሚ ሕቶታትና ብሕጽር ዝበለ፡ ናብ እዋናዊ ምዕባለታቱ ዘቕንዐ እዩ። ፈለማ ብዓለማዊ ኩነታት ጀሚርና፡ ናብ ዞባናን ዘቤታዊ ጉዳያትን ክንሰግር ኢና። ኣብዚ እዋን እዚ ብደረጃ ዓለም ዝግሃድ ዘሎ ተገላባጢ ክስተታት፡ ዘይርግኡነት፡ ተሃዋሲ ባህርያትን ዘይንጹር ኣንፈትን፡ ንመሰጋገሪ መድረኽ ግሎባዊ ስርዓተ ምሕደራ ዘጉልሕ እዩ። እቲ ምሉእ ስእሊ ገና ደብዛዝ እኳ እንተሎ፡ ብዓማሚን ሓጺርን ገምጋም፡ ጽልዋታቱ ኣብ ኣፍሪቃን ዞባናን እንታይ ክመስል ይኽእል፧***

ብደረጃ ዓለም ብዛዕባ መጻኢ ክንዛረብ፡ ነዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት እውን ከነንብቦ እንተኼንና፡ ካበይ መጺእና ክንርኢ ኣለና። ዝሑል ኲናት ናቱ ባህርያት ነይሩዎ - ሓሊፉ። ኣብ መጀመርታ ተስዓታት ምስ ምውዳቕ ሕብረት ሶቭየት ኣብቂዑ። ድሕሪኡ እንኮ ቀጽራዊ ዓለም ዝበሃል ኣተሓሳስባ መጺኡ። መን ኣምጺኡዎ፧ ብኸመይ፧ ናቱ ብዙሕ ዛንታ ኣለዎ። ኣብቲ መጀመርያ ‘ፉክያማ’ እንታይ ኢሉ ነይሩ፧ ‘ሃንቲግቶን’ እንታይ ኢሉ፧ እናበልካ ምስዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ብምዝማድ ብዙሕ ክዝረብ ይኽእል እዩ። ሕጂ ሰላሳ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። እቲ እንኮ ቀጽራዊ ዓለም ክንፈጥር ኢና፡ ድሕሪ ደጊም ዓለም ኣብ ትሕቲ ቊጽጽርና ክትኣቱ ኣለዋ፡ ብቊጠባ፡ ብቴክኖሎጂ፡ ብወተሃደራዊ ዝወዳደረና ሓይሊ ክህሉ የብሉን፡ ዝብል ሰረተ እምነት (ዶክትሪን) ንዓለምና ኣብ ምንታይ ኣእትዩዋ፧ ሰላም፡ ርግኣት፡ ፍትሒ፡ ዕብየት ከምጽእ ክኢሉ’ዶ፧ እዚ ፍልስፍና’ዚ፡ እንታይ ሳዕቤናት ኣምጺኡ፧ ኣብ እንግምግመሉ፡ እቲ ቀዳማይ ሰሪዕና እንርእዮ ናይ ኣመሪካ ኩነታት እዩ። ናይ ኣመሪካ ኩነታት ዓለማዊ ጽልዋኡ ዝነዓቕ ኣይኮነን - ከየጋነንካ። ስለዚ እቲ ኣብ ኣመሪካ እንዕዘቦ ዘለና እንታይ’ዩ፧ ኣብ ዝመጽእ

ውሑዳት ዓመታት'ከ እንታይ ክንዕዘብ ንኽእል፤ ምስ ምምጻእ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ናብ ስልጣን ኣብ ቀዳማይ እብረ ኮነ ሕጂ እንዕዘቦ ዘለና ኣካዪዳታት ድርኺቱ እንታይ እዩ፤ ኣመሪካ ብደረጃ ዓለም ኣበይ ደረጃ ኣላ እንተድኣ ኢልና፡ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ናይ ኣመሪካ ስርዓት ሓይሉ እናማህመነ፡ እናላሸወን እናደኸመን እዩ መጺኡ። ካብ ክሊንተን ጀሚርና ሓደ ብሓደ እቲ ምንቁልቋል ከመይ ነይሩ ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ቁጠባዊ፡ ቴክኖሎጂያዊ፡ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣመሪካ ኣብ ምንታይ ነይሩ፤ ሕጂ ኣብ ምንታይ ኣሎ፤ ጽልዋን ተቐባልነትን ኣመሪካ ብዓለም ደረጃ እንታይ ነይሩ፤ ሕጂ'ኸ፤ ኢልና ኣብ እንዛረበሉ፡ ኣብዚ እንኮ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ንምፍጣር ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት፡ ብ12 ጥሪ 2026፡ ብሬድዮን ቴለቪዥንን ብቐጥታ ዝተመሓላለፈ ቃለ-ጠይቕ ብምክያድ፡ ንዓለማዊ፡ ዞባውን፡ ዘቤታውን ጉዳያት ኣመልኪቱ ዝቐረበሉ ሕቶታት ሰፊሕ መልሲ ሂቡሉ። ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ሎሚ ጀሚራ ዝርዝር ትሕዝቶኡ ብተኸታታሊ ከተቕርቦ እያ። ዝተሃቀነሉ ሰላሳ ዓመታት ናይ ኣመሪካ ምንቍልቋል ኢና ክንዕዘብ ጸኒሕና። ብቍጠባ ጥራይ እንተርኢናዮ፡ ኣመሪካ ኣብዚ እዋን'ዚ ልዕሊ 36 ትሪሊዮን ዕዳ ኣለዋ። እቲ ዕዳ ጥራይ ግን ኣይኮነን ዝልካዕ፡ ኣመሪካ ናይ ብሓቂ ቁጠባዊ ሓይሊ ኣለዋ ድዩ፤ ናይ ቀደምን ሕጂን ኣወዳዲርና ክንርእዮ እንከለና ቁጠባዊ ሓይሊ ኣመሪካ እናንቈልቈለ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ብብዙሕ ረቛሒታት። ወተሃደራዊ ሓይሊ ወይ ጽልዋ ዝበሃል ከምኡ'ውን ናይ ቴክኖሎጂ ብልጫ እውን፡ ከም ቀደም ኣይኮነን። ትራምፕ "ማጋ" (Make America Great Again) ዝብል ዶክትሪን ሒዙ ምምጽኡ፡ "ኣመሪካ ዓባይ ኣይኮነትን ወይ ሓያል የላን፡ ስለዚ ሓያል ክገብራ እየ፡ ደጊመ ዓባይ ክገብራ እየ።" ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ እዩ። ትራምፕ ነቲ ሓቂ ምፍላጡ (recognize ምግባሩ) ጽቡቕ እዩ። እዚ ሰረተ እምነት'ዚ ናይ ሓደ ሰብ ጥራይ ክትብሎ ኣይከኣልን። ኣብ ኣመሪካ ጸለውቲ ናይ ዝበሃሉ ሰባት ኣተሓሳስባ ዝውክል እዩ። ግን፡ ኣብ ኣመሪካ እንታይ ከምጽእ ይኽእል፤ ብደረጃ ዓለም ጽልዋኡ እንታይ ክመስል ይኽእል፤ ትራምፕ በዚ ሰረተ እምነት'ዚ ተደሪኹ ክወስዶም ዝኽእል ስጉምቲታት እንታይ እዮም፤ ኣመሪካ ደጊማ ዓባይን ሓያልን ክትከውን እንታይ ክትገብር ትኽእል፤ እቲ ትወስዶ ስጉምቲታት'ከ ቅኑዕ ድዩ ኣይኮነን፤ የዋጽእ'ዶ ኣየዋጽእን፤ ብዙሕ ሕቶታት ክለዓል ይኽእል እዩ። ትራምፕ እታ ቀዳመይቲ እብረ ስልጣኑ ካብ 2016 ዝጀመረት እንታይ ገይሩላ፤ እንድሕር ኢልና፡ እተን ኣርባዕተ ዓመታት ተኸሲረን እየን። ድሕሪኡ ባይደን ስለዝመጸ እተን ዝተበገሰለን መደባት ከይቀጸላ ተኹሊፈን። እዛ ካልኣይቲ እብረ ስልጣን እውን ሓደ ዓመት ተላዒሉዋ ኣሎ። ሕጂ ተሪፈን ዘለዋ ሰለስተ ዓመታት እየን። ኣብዘን ሰለስተ ዓመታት ንኣመሪካ ዓባይ ክገብራ ክወስዶ ዝኽእል

ስጉምትታት እንታይ ክመስል ይኽእል፤ ከም ኣብነት ኣብ ቨንዝዌላ ዝተወስደ ስጉምቲ ክንወስድ ንኽእል። እዚ ስጉምቲ'ዚ ኣብ ቨንዝዌላ ኮነ ኣብ ላቲን ኣመሪካ፡ ብዓለም ደረጃ እውን እንተኾነ እንታይ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል፤ እቲ ከም ምኽንያት ዝቐረበ ናይ ሓሽሽ ኮንትሮባንዶ እዩ። ሕጂ ድሕሪ ናይ ማዱሮ ምጭዋይ እታ ጉዳይ ዳርጋ እናቐሃመት ትኸይድ ኣላ። እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ቨንዝዌላ ጥራይ ዘብቅዕ ኣይኮነን። ካልኦት እውን ኣመታት ዝተዋህበለን ኣለዋ። ግሪንላንድ፡ ካናዳ፡ መክሲኮ፡ ኩባ፡ ኮሎምቢያ፡ ፓናማ እዚኦን ኣብ መስመር ዘለዋ እየን። ድሮ ኣብ ኩባ ምስ ናይ ቨንዙዌላ ተኣሳሲሩ ስጉምትታት ይውሰድ ኣሎ። ኣብዚ ቀረባና እንድሕር መጺኢና እውን ኢራን ኣላ። ስለዚ ኣመሪካ በዚ ናይ ማጋ ዶክትሪን ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል እያ እንተድኣ ኢልና፡ ሳዕቤናቱ እንታይ እዩ ክኸውን፤ ናይ ግሪንላንድ ንኣብነት እንተወሲድና፡ ኣብ ደኒማርክን ኤውሮጳን እንታይ ጽልዋ ክገድፍ ይኽእል፤ ንኔቶ ብኸመይ ክጸልዎ'ዩ፤ ናይ መክሲኮ፡ ካናዳ'ውን እንተድኣ ተደፊኡሉ እንታይ ስእሊ ክህብ ይኽእል፤ ብግብሪ'ኸ ክኸውን ይኽእል ድዩ፤ እዚ ጉዳያት'ዚ እንድሕሪ ቀጺሉ ዓለማዊ ኩነታት እንታይ'ዩ ክመስል፤ ብዙሕ ሕቶታት ዘለዓዕል እዩ። ጽባሕ ምናልባት፡ ኢራን እተተወቒዓ ኣብዚ ከባቢና እንታይ ከምጽእ ይኽእል፤ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዝውሰድ ስጉምቲ ምእዳብ በሎ ዝኾነ ስም ሃቦ ሳዕቤኑ እንታይ ክኸውን ይኽእል ምግማቱ ኣጸጋሚ እዩ። ኣመሪካ ሓያል ወይ ዓባይ ንምግባራ ከምዚኦም ስጉምትታት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ካልኦት ዝተወስዱ ስጉምትታት እውን ኣለዉ። ንኣብነት ናይ ታሪፍ ክንጠቅስ ንኽእል። ዘራይ ናይ ምኳን ማለት ከምዚ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ 'ጸዓዱ ይህሰዩ ኣለዉ፡ ክርስትያን ኣብ ናይጀርያ ይብደሉ ኣለው' ኢልካ ስጉምትታት ክትወስድ ምፍታን ዝዓይነቱ ምውስዋስ እውን ኣሎ። ካብ ዓለማዊ ውዳበታት ኣባልነት ኣመሪካ ምስሓብ፡ ንዝተፈላለያ ሃገራት ብምጉብዕባዕ ከተርዕመን ምፍታን፡ እዚኣቶም ነንበይኖም መሳርሒታት (Tools) ሰረተ እምነት ማጋ እዮም። ሓደ ትሽዓተ ዓሰርተ ዝኾኑ ቱልስ ኣለዉ፡ ዛጊት ርኢናዮም ዘለና። ዓራቒ ክትመስል ምፍታን እውን ኣሎ። ከምዚ ናይ ዩኩራንያ፡ ኮንጎ፡ ኣዘርባጃንን ኣርማንያን፡ ታይላንድ ምስ ካምቦድያ። ብሓቂ እቲ ምዕራቕ ንኣመሪካ ዓባይ ንምግባራ ድዩ፤ እዞም ዝውሰዱ ዘለዉ ስጉምትታት ኣብ መወዳእታ እንታይ እዩ ዕላማኦም፤ ካብዚ ስጉምትታ'ዚ ዛጊት ተረኺቡ ዘሎ ኣመታት፡ እቲ ቀዳማይ ዕላማ ወይ ሸቶ፡ ባህርያዊ ጸጋታት ምውናን ወይ ምቍጽጻር ምዃኑ እዩ ዘነጽር። ናይ ቨንዙዌላ ሃብቲ፡ ነዳዲ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብኡ ዘሎ ባህርያዊ ማዕድናት መወዳእታ የብሉን። ኣብ ላቲን ኣመሪካ ብዓቢኡ ዘሎ ናይ ማዕድናት ሃብቲ መወዳእታ የብሉን። ኣብ ኮንጎ ከምኡ። ናይ ማጋ ፖሊሲታት ድራኸኦም እዚ ባህርያዊ ጸጋታት'ዚ እዩ። ናይ ኣመሪካ ቍጠባዊ ሓይሊ፡ ብዓለም ደረጃ እናደኸመ ስለዝመጽአ፡ ከተሐይሎ

ምእንቲ ጸጋታት ንምቁጽጻር ዝውሰድ ዘሎ ስጉምትታት እዩ። ኣብ ነንበይኖም ከባቢታት ኣብ ዝመጽእ ሰለስተ ዓመታት'ውን ተመሳሰልቲ ስጉምትታት ክውሰዱ ይኽእሉ እዮም። ሳዕቤናቶም እንታይ ክኸውን እዩ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ስጉምቲ ዝውሰደሉ ዘሎ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ ከባቢ፡ ዞባን ኣህጉርን እንታይ ክመስል ይኽእል፣ ብዙሕ ትንታነ ክቐርበሉ ይኽእል እዩ።



ኣብ መወዳእታ እቶም ቀንዲ ዝጥመቱ ዘለዉ መን እዮም እንተድኣ ኢልና ቻይናን ሩስያን እዮም። ኣብ ግሪንላንድ ይኹን ኣብ ቨንዙዌላ እንተደኣ መጺእና ቻይናን ሩስያን እዮም ዝጥመቱ ዘለዉ። ኣመሪካ ዓባይ ክትከውን ምእንቲ፡ ቅድም ንቻይናን ንሩስያን ክትቈጻጸር ኣለካ። ካልኦት'ውን ኣይትቈጻጸርን ማለት ኣይኮነን። ኣብ እስያ ብዓል ህንዲ፡ ፖኪስታን፡ ጃፓን፡ ኮርያ፡ ኢንዶነዥያ እውን ክትቈጻጸር ትደሊ። ዋላ መሻርኽትኻ ሰብ ኪዳንካ፡ ኣብ ኔቶ ዘለዉ እውን ክትቈጻጸሮም ኢልካ ትሓስብ። ኣብ ኤውሮጳ ብዓል ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ እንግሊዝ'ከ ብናይ ማጋ ዶክትሪን ከመይ እየን ዝጥመታ፣ ማጋ ምእንቲ ክሰርሕ ምስኣተን ዝድለ ዝምድናታት ወይ ኪዳን ወይ ኣንጻረን ክውሰድ ዘለዎ ስጉምትታት እንታይ እዩ፣ ብናይ ማጋ ዶክትሪን ኤውሮጳ ንርእሱ ታርጌት እዩ። እዚ ናይ ታሪፍን ቀረጽን ዝበሃል ፖሊስታት፡ ቀንዲ ዕላማኡ ምቍጽጻር እዩ። ብዛዕባ ፍልሰት ዘሎ ፖሊስታት ንገዛእ ርእሱ ንኣመሪካ ከዳኽም ዝጸንሐ ተርእዮታት ንምውጋድ ተባሂሉ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ወይ ሃገራት ከምዚ ዓይነት ስጉምትታት ክውሰድ ከሎ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ኮነ ከባቢ ክህሉ ዝኽእል ግብረ መልስታት ኣሎ። ብዙሓት ካብቶም ዛጊት ዝረኣናዮም ስጉምትታት፡ ትንክፍ ግድፍ እዮም ጸኒሖም። መሀደዲ ድዩ መርዓሚ፣ መቈጻጸሪ ድዩ መፈራርሒ፣ እቲ ስጉምትታት ብግቡእ ተሓሲቡሉ ድዩ፣ ቀጻልነት'ከ ክህልዎ ድዩ፡ ወይስ ንግዜኡ ከም መጕባዕብዒ ተጠቒምካ ትም ምባል እዩ ንጹር ኣይኮነን። ኣብዚ ከባቢና መጺኢና እንድሕር ደኣ ርኢና፡ ናይ ቃዛ፡ ሶማል፡ ሱዳን ኢትዮጵያ ጉዳይ ኣሎ። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ናይዘን ብነዳዲ ሃብታማት ዝኾና ጎረባብትና ሃገራት ጉዳይ ኣሎ። ብናይ ማጋ

ፖሊስታት እዚኣተን ከመይ እየን ዝጥመታ፣ ነቲ ምዕሪት ጽቡቕ ገይርና ክነንብቦ መታን ክንክእል ድማ፡ ናይ ሓደ ሓይሊ ወይ ወገን ኣካይዳ፡ ሽቶታት፡ ስጉምትታት ጥራሕ ኣይኮነን ክንዕቅን ዘለና። ብመንጽሩ'ኸ ካልኦት እንታይ ይገብሩ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ እዩ። ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ግሎባዊ ወይ ዓለማዊ ስርዓተ ምሕደራ ክንዛረብ እንተኾንና፡ ካብዚ ዝጸነሐ ናይ ዝሑል ኲናትን እንኮ ቀጽራዊ ዓለምን ዝበሃል ኣተሓሳስባታት ወጺእና፡ ዓለም ብፍትሒ ብርትዓዊ ዝኾነ ዝምድናታት ክትነባበር ክትክእል ኣለዋ። ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብዚ ሰማንያ ዓመታት ዝተራእየ ዝምድናታት ግን ናበይ ገጹ ከምርሕ ይኽእል ምግማቱ ዘሸግር ኣይኮነን። ሓድሽ ምህዞ ኣይኮነን። ባህጊ ህዝቢ ዓለም ብሰላም ምንባር እዩ። ሰብ ብሰላም ብኽብረት ክነብር፡ ፍረ ረሃጹ ብፍትሒ ብርትዒ ክረክብ፡ ንሓድሕዱ ተኸባቢሩ ክነባበርን ክተሓጋገዝን ብጥምረት ሽግራቱ ክምክት እዩ ዝደሊ። ብምጉናጽን ብምፍርራሕን ብምምንዛዕን ቀሲኑ ክነብር ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ክመጽእ እንተኾይኑ፡ ከምዚ ዓይነት ባይታ ዝፈጥር ክኸውን ኣለዎ። እንተዘይኮነ ዓለም ቀሲና ክትነብር ኣይትኽእልን እያ። ናይ ህዝቢ ዓለም ድሌት ብዙሕ ፍተሻ ብዙሕ ሊቅነት ዝድልዮ ኣይኮነን። ቀሊል እዩ። ከምኡ ዓይነት ምንብባር ስለዘየለ'ዩ ዓለምና ርግኣት ዘይብላ እትኸውን ዘላ። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዘሎ ናይ ሰላም ስእነት ብከምዚ ዝኣመሰለ ፖሊስታት ዝመጸ እዩ። ከምኡ ዓይነት ሰላማዊ ዓለም መዓስ ብኸመይ ክመጽእ ይኽእል እንተድኣ ኢልና፡ እዚ ሕጂ ዘለናዮ መድረኽ ናይ ምሕቋን ግዜ'ዩ። ናይ ምስግጋር (transition) መድረኽ እዩ። እዚ መድረኽ እዚ በዚ ዘሎ ተርእዮታት ብሓቂ ናብ ቅኑዕ ጎደና ከምርሕ ይኽእል ድዩ፣ እዚ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምትታት መሊሱ ነቲ ጉዳይ ይሓላልኾ'ዶ ኣይሓላልኾን ወይስ ንቕሓት ናይ ሰባት ኣሐዩሉ፡ ናብቲ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ከምርሕ ይኽእል፣ ናይ ኣመሪካ ቦታ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዓለም ደረጃ ክስዕቡ ዝኽእሉ ምዕባለታትን ናቶም ጽልዋ ኣብ በብበይኑ ከባቢታትን ሃገራትን እውን ዓቢ ግደ ኣለዎ። ቻይና እንታይ ትገብር ኣላ፣ ሩስያ፡ ህንዲ፡ ብዓል ጃፓን ኮርያ፡ ፓኪስታንን ማለዥያን፡ ካልኦት ናይ እስያ ሃገራትን እንታይ ይገብራ ኣለዋ፣ ኣብ ኤውሮጳ ዘሎ ኩነታት ንባዕሉ ሓደ ዓቢ ኣሰካፊ ጉዳይ እዩ። ክትዛረበሉ ገዚፍ ምዕራፍ እዩ። ናይ ዩክራንያ ጉዳይ ጥራይ እንተርኢናዮ፡ ኣብኡ ዘሎ ናይ ኔቶ ቅልውላው መወዳእታ የብሉን። ኔቶ ኣብ ከቢድ ቅልውላው'ዩ ዘሎ። ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ'ውን ዘድፍር ኣይኮነን። ኤውሮጳዊ ሕብረት እውን ብተመሳሳሊ። ስማዊ ህላወ እንተዘይኮይኑ ጽልዋ ክገብር ኣብ ዘኽእል ኩነት ኣለዉ ክበሃል ኣይከኣልን። በዚ ናይ ማጋ ዶክትሪን ኣመሪካ ኣብ ቨነዝዌላ፡ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኮንጎ፡ ኣብ ኤውሮጳ ዩክራንያ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ፍልስጤም ከምዚን ከምትን ትገብር ኣላ ክብሃል እንክሎ፡ እተን በቲ ሓደ ወገን

ስጉምቲ ክወስዳ ዘለወን'ከ እንታይ ይገብራ ኣለዋ፧ ኢልና እንተድኣ ሓቲትና፡ ዛጊት ብዘይካ ተሪር መግለጺታት ምውጻእ ዝገበራኦ ነገር የለን። ማዕረ ቦታአን ስጉምትታት ይወስዳ ኣለዋ ክበሃል ኣይከኣልን። ስምዒታዊ ወይ ባዕላዊ ትንታነ ዘይኮነ ንሳተን ክገብራኦ ዝኽእላ ነገራት ነይሩ እዩ። በቲ ኮይኑ በቲ ኣብ መወዳእታ እዚ ዝኸይድ ዘሎ ምዕባለታት ናበይ ገጹ ከምርሕ ይኽእል፡ ዓለም እንታይ እያ ክትከውን እዘን ሰለስተ ዓመታት ምስ ተወድኣ ክንርእዮ ኢና። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ግን ኣብ ምስግጋር ኢና ዘለና። እዘን ዝመጻ ሰለስተ ዓመታት ከኣ ሓደ ንኡስ ክፋል ናይቲ ምስግጋር እየን። ድሕሪኡ ንዝመጽእ ክንከታተሎ ምእንቲ ድማ፡ ነዘን ሰለስተ ዓመታት ሓደ ብሓደ ክንከታተለን ክንክእል ኣለና። ኣብዚ ናይ ምስግጋር መድረኽ ዘይፍለጡ ረቛሒታት ወይ ተቐያየርቲ (variables) ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ምኽንያቱ ትራምፕ ብዶክትሪን ናይ ማጋ ክወስዶም ዝኽእል ስጉምትታት እዚኦም እዚኦም እዮም ኢልካ ብልክዕ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኮነን። ብዛዕባል ወይ ጥንቆላ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ተንቲንካ ኣረጋግጽካ ክትዛረበሉ ዘለካ ጉዳያት እዩ።  ኣዝዮም ተኣፈፍቲ ዝበሃሉ ዓለማውን ዞባውን ጉዳያትእንታይ እንታይ ክመስሉ ይኽእሉ፧ እቶም ክመጽኡ ዝኽእሉ ስንያሮታት ናይ ነፍሲ ወከፎም ክዉንነት ከተረጋግጽ ምእንቲ ምስቲ ኣብ ባይታ ዝመጽእ ምዕባለታት ኣዛምድካ ክትርእዮም ኣለካ። ዓለማዊ ኩነታት ብወድዓውነት ከነንብቦን ክንግምግሞን ዘድልየና ምኽንያት ውጥናትና መደባትና ክንሰርዕ፡ ማዕረኡ ምድላዋትና ክንገብር፡ ማዕረኡ ዘድልየና ጸጋታት ክነኰሳጉስ ምእንቲ እዩ። ነዚ ዝጠቐስኩዎ ከም ድሕረ ባይታ ወሲድና፡ ኣብ ኣፍሪቃ እንታይ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል፧ ክንግምት ንኽእል ኢና። ብደረጃ ዓለም ዘሎ ኩነታት ክንግምግም ከለና ኣፍሪቃ ኣብቲ ምዕሪት ኣላ ክበሃል ኣይከኣልን። ሓቂ'ዩ ኣፍሪቃ ጸጋታት ኣለዋ። ሱሳ ሚእታዊት ናይ ዓለም ጸጋታት ኣብ ኢዱ እዩ ዘሎ። በዚ ዘለዎ ኩነታት ግን እዚን እትን ክገብር ይኽእል'ዩ ኢልና ግን ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ኢንዱስትሪያውነት ዘይተሰጋገረ፡ ድሕሪ ኩሉ ተሰሪዑ፡ ተዋሲኑ ዝነብር ዘሎ ክፍሊ ዓለም እዩ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓለማዊ ምዕባለታት ዝህልዎ ምውሳእ ከኣ ኣዝዩ ዝተደረተ'ዩ። ዝሓየለ ክኸውን ባህጊ ናይ ኩልና እዩ። ብግብሪ ግን፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተገላባጢ ናይ ዓለም ኩነታት ኣፍሪቃ ግደ ኣለዎ ክበሃል ኣይከኣልን። እቲ ዘሎ ኣቃውማታት እውን ድኹም እዩ። ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ኢኮዋስ፡ ኢጋድ ወዘተ. ዝበሃል ዞባውን ኣህጉራውን ጥምረት እውን እንተኾነ እዝን እትን ክገብር ይኽእል'ዩ ትብሎ ኣይኮነን። ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ካብኡ ናብኡ፡ ኣብ ዞባና መጺእና ክንዛረብ እንተዀንና፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮነ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ወሽመጥ ዓረብ፡ ሰሜን ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ብናይ ልምዓት መለክዒታት ዝተዋሰነ እኳ እንተኾነ፡ ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ቦታ ስለዝኾነ፡

ብምኽንያት ጂኦስትራተጂያዊ ኣገዳስነቱ፡ በቲ ዘሎ ዓለማዊ ምዕባለታት ክጽሎ ዝኽእል እዩ። ዕቑር ጸጋታቱ እውን ቀሊል ኣይኮነን። ቀይሕ ባሕሪ እንድሕር ኢልና ዘይንዓቕ ኣገዳስነት ዘለዎ ዞባ እዩ። ቀርኒ ኣፍሪቃ ብተመሳሳሊ። ማእከላይ ምብራቕ፡ ወሽመጥ ዓረብ እንተኢልና ምስ ኩሉ ጸጋታቱ፡ ቀሊል ግደ ኣይኮነን ዘለዎ። ስለዚ ኣብ'ዚ ጎደቦ'ዚ እንታይ እንታይ ጽልዋታት ክህሉ ይኽእል ንባብ ዘድልዮ እዩ። ድሮ ተወሲዶም ዘለዉ ስጉምትታት ምምሕዳር ትራምፕ እንታይ ኣመታት ይህቡ ኣለዉ፤ ብሓፈሽኡ'ሽ እንታይ ጽልዋ ከምጽኡ ይኽእሉ፤ እዘን ሃገራት ከባቢና ንገዛእ ርእሰን ነቲ ዓለማዊ ምዕባለታትን ዝምድናታትን ከመይ ይርእዮኦ ኣለዋ፤ ኣብቲ ምዕሪት እንታይ እንታይ ኣበርክቶ ክገብራ ይኽእላ እንተ ኢልና፡ ናቱ ዝርዝራት መወዳእታ የብሉን። ነዚ ኩሉ ሰሪዕና፡ ነዞም ዝመጽኡ ዘለዉ ሰለስተ ዓመታት እምበኣር፡ ጉዳያትና፡ ምስ ዝተፈላለየ ኣርእስትታት፡ ብቐንዱ ምስ ልምዓት ምስ ርግኣትን ሰላምን ኣተኣሳሲርና ብግቡእ ክንግምግሞ ኣለና። ናይ ዓለም ምዕባለታት ጽልዋኡ ብቐጥታ፡ ናባናን ዞባናን እንታይ ክመስል ይኽእል ምክትታል ዘድልዮ እዩ። ናይ ኣፍሪቃ ንግዜኡ ጎሲናዮ ክንከይድ ንኽእል ኢና፡ ብዙሕ ዘይተፈልጠ ረቛሒታት'ውን ስለ ዘሎ። ኣብ ከባቢና ግን እንታይ ከምጽእ ይኽእል፡ ብፍላይ ንዓና ፖሊሲታት ክንስእል ጥራይ ዘይኮነ፡ ፖሊሲታትና ኣመዓራሪና መደባትና ክንሰርዕ፡ ውጥናትና ከነውጽእ፡ ብቐንዱ እዚ ምዕባለታት'ዚ ዝህልዎ ጽልዋ ክንርእዮ ክንክእል ኣለና። ጽልዋታት ከነንብብ እንከለና ድማ፡ ተወጢጥና ተወጢጥና ናብ ኣመሪካን ትራምፕን ጥራይ ክንጥምት የብልናን። ምኽንያቱ፡ መኣዝንና ከስሕተናን ከጋግየናን ስለዝኽእል።

ስለዚ፡ ምስቲ ኣብ ሜድያ ዘሎ ኣጽማሚ ኣቀራርባታት ሕሳባትካ ክትገብር ምእንቲ፡ ነቲ ካልእ ጎድንታት፡ ብግቡእ ክትርእዮ ስለ ዘለካ፡ ናብኡ ጥራይ ከየጋነንና፡ ነቶም ካልኦት እውን ክንርእዮም ክንክእል ኣለና። እቲ ኣቐዲመ ዘምጻእኩዎ፡ ብዘይካ ኣመሪካ፡ እተን ካልኦት ሓያላት ወይ ጎብለላት ዝበሃላ እንታይ ክገብራ ይኽእላ፤ ዞባውያን ዝበሃላ ጎብለላት እንተ ሃልየን እንታይ ተራ ክጻወታ ይኽእላ፤ ብፍላይ ናብ ዞባና እናቐረብና እንተመጺእና፡ እዚኣን ተሪፈን ዘለዋ ሰለስተ ዓመታት ናበይ ገጸን ከምርሓ'የን ቀሰይ ኢልና ክንርእዮ ኢና። ኣብቲ ናትና ዲፕሎማሲ ምስ ኣመሪካ ዝብል ኣርእስቲ እውን ክንዛረበላ ንኽእል ኢና። ግን እዚ ናይ ኣመሪካ ጉዳይ ንበይኑ ክውጥጠና የብሉን። ዓሰርተ ግዜ ዝደጋገም ዘሎ፡ ድራማቲክ ዝኾነ ኣቀራርባታት ይግበረሉ ስለ ዘሎ፡ ስሕበት ስለ ዝፈጥር፡ ንቅኑዕ ወይ ወድዓዊ ኣናብባ ኣይሕግዝን እዩ። ስለዚ፡ ወድዓዊ ኣናብባ ከነንብብ እንተኺንና፡ ህድእ ኢልና፡ ነዚ ኣደናቒ ወይ ኣዝዩ ድራማዊ ዝኾነ ኣቀራርባታት ጎሲናዮ መንገድና ሒዝና ክንከይድ ኣለና። እዚ ናይ ዓለም

ኩነታት ከምዚ ኮይኑ፡ ኣመሪካ ከምዚ ገይራ፡ ቻይና፡ ሩስያ፡ ኤውሮጳ ከምዚ ይገብራ ኣለዋ . . . ዝበሃል፡ ኣብ ቦታኡ ኣብ መቓኑ እንተ ሓዝናዮ ጥራይ'ዩ ጽቡቕ። ዕዮ ገዛና ክንገብር ምእንቲ፡ ዝያዳ ኣብ ውሽጥና ኣብ ዘቤታዊ ኩነታትና፡ ኣብ ናይ ከባቢና ኩነታት እንተ ኣተኮርና ዝበለጸ'ዩ። እዚ ማለት ግን፡ እቲ ዓበይቲ ዓበይቲ ዓለማዊ ኩነታት ኣይጸልወናን'ዩ፡ ንዒቕናዮ ንኺድ ማለት ኣይኮነን፡ ንሱ ኣብ ቦታኡ እንከሎ፡ ብቐንዱ ግን ናብ ጉዳይና ኢና ከነድህብ ዘለና።

- *ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ ዝሓለፈ ቃለ-መጠይቕካ፡ ኣብ 2026 መንግስቲ ኤርትራ ንዲፕሎማሲያዊ ጽምዶ ምስ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብዝለዓለ ደረጃ ክደፍኣሉ ምኳኑ ሓቢርካ ነይርካ። ምስዚ ሓዲሽ ዝወጸ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ተኣሳሲሩ፡ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ኤርትራን ኣመሪካን እንታይ ክንጽበ ንኽእል፧ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝጸንሐ ፖሊስታት ኣመሪካ ናይ ምቕያር ኣንፈት ክህልዎ ይኽእልዶ፧*



ጽምዶ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። ካብ ቅድም ዝጸንሐ ፖሊሲና'ዩ። ምስ ኣመሪካ ይኹን ካልኦት። ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚርና፡ ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ክንነብር የብልናን፡ እሱራት ናይ ታሪኽ ክንከውን የብልናን፡ ንቕድሚት ክንጥምት ኣለና ብዝብል፡ ንኹሉ ኣብ ርእስና ዝወረደ በደላት ረሲዕና (forget and forgive ኢልና) ምስ ምምሕዳራት ኣመሪካ ዝምድናና ናይ ምምዕርራይ ፖሊሲ ኢና ተኸቲልና። እቲ ዝጸንሐ ግጉይ ኣካያይዳ እንተተቐየረ ብዝብል ተስፋ ብዙሕ ፈተነታት ኣካይድና ኢና። ሰነዳቱ ኣብ መዛግብቲ ዘሎ እዩ። እንተኾነ ክሳብ ሕጂ ዝጸንሐ ፖሊስታት ምምሕዳራት ኣመሪካ ሓጋዚ ኣይነበረን። ኣብ 2016 ኣብ ቀዳማይ እብረ ስልጣን ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ጽምዶ ንምእታው ዝወሰድናዮ ተበግሶ ነይሩ። ጽምዶና ብቐንዱ ኣብ ዞባና ወይ ጐደቦና ክስርሓሉ ዝጸንሐ መኣዝኖም ዝሰሓቱ ፖሊሲታት ናብ ምእራም ዝዓለመ እዩ። ኣብ ናትና ሃገራዊ ጉዳይ ጥራይ ኣጽቢብና ብምጥማት ክንዛረብ ኣይግበኣናን እናተባህለ'ዩ ክኸየድ ጸኒሑ። ዝሐል ኵናት ዘብቅዓሉ፡ እንኮ ቀጽራዊ ዓለማዊ

ስርዓት ዝመጽኣሉ ኣጋጣሚ፡ ምስ ናጽነትና ዝተዛመደ እዩ። ኣብዚ ናይ ናጽነት እዋን፡ ካብ ክሊንተን ጀሚሩ ክሳብ'ዚ ትማሊ ዝመጽአ ናይ ኣመሪካ ኩነታት፡ ክንከታተሎ ጸኒሕና ኢና። ድራኸ ናይ ኣጠማምታና ኣብ ልዕለና ዝተፈጸመ በደል ኣይኮነን። እዚ መኣዝኑ ዝሰሓተ (misguided) ፖሊሲታት ናይ ኣመሪካ፡ ብዓለም ደረጃ ዘኸተሎ ጉድኣት ወይ ዕንወት ቀሊል ኣይኮነን። እንታይ እዩ ዝኸውን ዘሎ እዚ ዓለም፧ ብኸምዚ ክትነባበር ዝከኣል ኣይኮነን። ንሕና፡ ዓለም ኣኺሉዋ ናይ ኣመሪካ ኮይና'ያ፡ እንኮ ቀጽራዊ ስርዓት ንዓለም ክገዝኣ'ዩ፡ ፈቲና ጸሊእና ምስኡ ክንነባበር ኣለና ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ ኣይጸንሓናን። እዚ ካብ ግጉይ ቅማረታት ዝብገስ ዘሎ ፖሊሲታት ዘውርዶ ዘሎ ዕንወት ክእረም ኣለዎ እዩ ርእይቶና። ናይ እገዳ ቅዩዳት ኬንና ናትና ናትና ጥራይ እናበልና፡ ኣብ ልዕለና ዝተፈጸመ በደል ጥራይ መበገሲ እናገበርና፡ ናይ ዓለም ኩነታት ወይ ዞባዊ ኩነታት ከነዕሪ ኣይንኽእልን ኢና። ብገፊሕ ክንርእዮ ኣለና። ዓቕምና ከየጋነንና፡ ናይ ጽምዶ ፖሊሲና ስፍሕ ዝበለ ኣተሓሕዛ ክህልዎ ኣብ 2016 ትራምፕ ምስ መጸ፡ ሕጂ ጽቡቕ ኣጋጣሚ'ዩ፡ ድሕሪ'ቲ ተደጋጋሚ ናይ ነንበይኖም ምምሕዳራት ኣመሪካ ፍሽለታት፡ መለበሚ ረኺቦም ስለዘለዉ፡ ሕጂ ክንዛረብ ንኽእል ኢና፡ ብዝብል ዕላማ፡ ንጡፍ ጽምዶ (Active engagement) ዘይንገብር ብዝብል፡ ንትራምፕ መልእኽቲ ተሰዲዱሉ። ግጉይ ኣከያይዳታት ናይ ኣመሪካ ስለምንታይ

ዘይእረም፧ ንእኦም እውን ጠቓሚ እዩ፡ ብዝብል ሕልና'ዩ።

ኣብ ዝርዝር ከይኣተና፡ መልሲ ፕረዚደንት ትራምፕ እወታዊ'ዩ ነይሩ። ንሕና'ውን፡ ኣብ ናትና ጸበብቲ ጉዳያት ከይተቐርቀርና፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ሰማንያ ዓመታት ዝተፈጸሙ ጌጋታትን ሳዕቤናቶምን ሓደ ብሓደ እናገለጽና፡ እዚ ፖሊሲታት'ዚ ክእረም ኣለዎ ዝብል መልእኽቲ እነሕልፈሉ ናይ ጽምዶ መስመር ክህልወና ኣለዎ ብዝብል ሓሳብ፡ ተበግሶ ጀሚሩ። ኣብታ ቀዳመይቲ እብረ ናይ ትራምፕ ብዝተፈላለየ ምኽንያት፡ ካልኦት ዓበይቲ ጉዳያት እውን ስለ ዝዓብለሉ ሓሳብ ንምልውዋጥ ዕድል ኣይተረኸበን። ብድሕሪኡ ናይ ባይደን ስርዓት መጺኡ። ሽዑ እውን እቲ ጉዳይ ናይ ውልቀ ሰባት ጉዳይ ኣይኮነን ኢልና ክንቕጽሎ ተደናዲንና ነይርና። እቲ ኩነታት ብዙሕ ተስፋ ዝህብ ስለ ዘይነበረ ግን፡ ናይ ባይደን ኣርባዕተ ዓመታት ባኺነን ሓሊፈን። ብድምር ዳርጋ ሸውዓተ ዓመት ከሲርና ማለት'ዩ። ትራምፕ ኣብ 2025 ዳግማይ ምስ መጽአ፡ እታ ቅድም ዝጀመረት ጽምዶ ክንቅጽላ ብዝብል ዕላማ ጽቡቕ ድሌትና ደጊምና ገሊጽና። ሸውዓተ መት ከሲርናየን ኢና፡ ሕጂ ከኣ፡ ናብ ጻዕዳ ገዛ መጺእካ ኣለኻ'ሞ፡ ዝጀመርናዮ ምምኽኻር ክንቅጽሎ ተባሂሉ፡ ተበግሶ ተወሲዱ። ኣብ ሞንጎ ግን፡ ጸገማት ተራእዩ። ዓመት ሓሊፉ። ኣብዚ ሓደ

ዓመት ዝተዓዘብናዮ ሓደ ማሕለኻ ነይሩ። ኣማኽርቲ ኢና ዝብሉ ኣብ ዋሽንግቶን ዘለዉ፡ ጽምዶ ጅምር ምስ ኣበልና፡ ዕድል ክህብዎ ኣይደለዩን ድዮም ዋላ ጠፊኡዎም ጸገማት ክፈጥሩ ተራእዮም። ሕጂ ሰዓቱ ስለ ዘይኣኸለ ክንዛረበሉ ኣይንኽእልን። ንፈልጥ ኢና፡ ንሕና ከምዚ ክንገብር ንኽእል ኢና ዝብሉ ኣማኽርቲ ብዙሓት'ዮም። ዝፈልጥዎ ግን የብሎምን። ነዚኦም ዝድርኽ፡ ኣብ ኣመሪካ ዘሎ ናይ ሎቢታት ኣሰራርሓ እዩ። ብፍላይ ንዓና ጥራይ ዝጠመተ ኣይኮነን። ምስቲ ካብ ቅድም ዝጸንሐ ኣከያይዳ፡ ናታቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ፋንታዝያታት ስለ ዘለዎም፡ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ጽምዶ ምዕንቃፍ እንተዘይኮይኑ፡ ንኡ ንምስላጥ ዝሕግዙ ኣይኮኑን። ሓደ ክሕግዝ ይኽእል'የ ይብል፡ ዘምጽኦ ዘረባታት ግን ፈጺምካ መትሓዚ'ውን የብሉን። ብዕምቈት ዝፈልጡዎ ነገር ስለዘይብሎም'ዩ። እቲ ኣገባብ ከምኡ ኣይኮነን ክኸውን ዘለዎ። ቅድም ቀዳድም ክንዛረበሎም ዘለና ጉዳያት በብወገንና ኣነጺርና ከነቕርቦም እዩ ለና። ምእንቲ ነናትና ዕዮ ገዛ ገይርና ክንመጽእ። ሽዑ ኣብ ጽምዶ ንዛረበሉ ጉዳይ ዝፈለጥናዮ ወይ ዝተረዳእናዮ ኣርእስቲ ይኾነልና። ብኸምዚ ጥራይ ኢና ኣፍራይነት ወይ ኣድማዕነት ብዘለዎ መገዲ ክንዛረብ እንኽእል። ገሊኡ ዘልዕሉዎ ኣርእስቲ ክትዛረበሉ እውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓንቲ ንእሽቶ ኣብነት፡ ኣጋጣሚ እዚ ጽምዶ እናኸደ እንከሎ፡ ናይ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ (State Department) መግለጺ ወጺኡ። 'ኣብ ኤርትራ ወፍሪ ኣይከኣልን እዩ' ዝብል ገምጋም ተዘርጊሑ። ኣብቲ እንገብሮ ጽምዶ ብዛዕባ ክልተኣዊ ዝምድናታትናን መጻኢ ዕድላትን ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ሓደ ካብኡ ንወፍርን ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን ዝምልከት'ዩ። ንሕና ኣእምሮና ከፊትና ክንዛረበሉ ዘሰክፈና ነገር የለን። ከምኡ እናተባህለ እንከሎ ብኸመይ መንገዲ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ - ወይ ናይ ሩቢዮ ዲፓርትመንት ከምዚ ዝኣመሰለ ሰነድ ናብ ዓለም ይዝርግሕ፤ ኣብ ኤርትራ ወፍሪ ኣይከኣልን ምባል መደወኒ ወይ መሰይጠኒ መልእኽቲ ጥራይ እዩ። ብኸመይ መንገዲ ከምዚ ዝኣመሰለ ተገራጫዊ መልእኽቲ ይመጽእ፤ ብሓደ ወገን ኮፍ ኢልና ክንዛረብ ንደሊ ኢና፥ ብዛዕባ ወፍሪ ይኹን ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ እናተባህለ፡ ኣብ ኤርትራ ወፍሪ ኣይከኣልን'ዩ ዝበሃል እንተኾይኑ ብዛዕባ ምንታይ ኢና ክንዛረብ፤ ጸቕጢ ክትፈጥር ማለት ወፍሪ ብናትካ ኩነት ከተስገድድ ምእንቲ ዝግበር ድዩ፡ ዋላ ነቲ ጽምዶ ንገዛእ ርእሱ ንምብታን፤ ኣነ ነዚ ከምዚ ዓይነት ኣካዪዳ 'ድብያን ጭውያን' እየ ዝብሎ። ከትሪ እዩ። እቲ ጉዳይ ከይከደ እንከሎ ኣብ መገዲ ጸኒሕካ ትኸትር፡ ድሕሪኡ ናትካ ዝመስለካ ኣርእስቲ ተምጽእ። እዚ ንኣና ሓድሽ'ውን ኣይኮነን። ባህርይን ኣሰራርሓን ናይቲ ስርዓት እዩ። ልምዲ ወይ ባህሊ እዩ። ትጉንጽ፡ ተፈራርሕ፡ ትህድድ፡ ተሰይጥን፡ ብድሕሪኡ ዝደለኻዮ ትረክብ ዓይነት እዩ - እቲ ሜላ። እዚ ከም ኣብነት እየ ዝጠቕሶ ዘለኹ'ምበር

ንኣና ብዙሕ ዘሰክፈና ጉዳይ ኮይኑ ኣይኮነን። ነቲ ናይ ጽምዶ ተበግሶና እውን ብዝኾነ መንገዲ ዝጸሉ ኣይኮነን። ምስ ኣመሪካ እንገብሮ ጽምዶ፡ ኣብ ክልተኣዊ ጉዳይ ጥራይ ኣይኮንናን ክንዛረብ እንደሊ። ብዓቢ ናይ ጎደቦና ጉዳይ እዩ። ኣብ ሱዳን፡ ኣብ ሶማል፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኣሰካፊ ኩነታት፡ ካልኦት ዝተፈላለዩ ኣርእስቲታት ኣለዉ - ክንዛረበሎም ዘለና። ምኽንያቱ፡ ናይ በይንና ዕላማ የብልናን። ዞባዊ ርግኣት፡ ቅሳነት፡ ሰላም ምፍጣር፡ ንልምዓት መሰረታዊ እዩ። ነዚ ኣብ ምርግጋጽ፡ ናይ ደገ ሓይልታት ብቐንዱ ከኣ ናይ ኣመሪካ ፖሊሲታት ነዚ ከባቢና ብኣወንታ ክጸልዎ ይኽእል እዩ። ንኣታቶም ዝመሰለ ይምሰሎም፡ ናትና ኣናብባ ብዛዕባ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኣብ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሶማል፡ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝርኣየና ዘሎ ጸገማት፡ ርእይቶና ኣሰኒና፡ ብቐንዕናን ብዘይሕብእብእን ክንገልጸሎም ኣሎና። ንቀርኒ ኣፍሪቃ - ንዞባና ዝምልከት ፖሊሲታት ክሕንጽጹ ከለዉ፡ 'ንፈልጥ ኢና' ኢሎም ኣብ ዝወስዱዎ ተበግሶታት ጌጋ ከየጋጥም ምእንቲ፡ ብኣጋ ንሕና ሓሳብና ከነካፍሎም ኣለና። ብዛዕባ ውሽጣዊ ኩነታትና'ውን እዚን እዚን እዩ ዝመስል ኢልና ሓደ ብሓደ ክንዛረበሎም ንኽእል ኢና። ምኽንያቱ፡ ጽምዶ ፍረ ከምጽእ እንድሕር ኮይኑ ኣናብባና ወድዓዊ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ስምዒታዊ ወይ ኣብ ባዕላዊ ገምጋማት ዝተመርኰሰ ክኸውን የብሉን። ናይ ሱዳን ከም ኣብነት ወሲድና ክንዛረብ ንኽእል። ዋሺንግተን ብዛዕባ ሱዳን እንታይ እዮም ዝሓስቡ፤ እንታይ ክገብሩ ይደልዩ፤ እንተፈሊጥና፡ ንሕና ብሓሳብ ክንተሓጋገዝ ንኽእል ኢና። ዛጊት ዝወሰዱዎ ስጉምትታት ኣብ ክዉንነት ዘይተመርኮሰ፡ ነቲ ዘሎ ኩነታት'ውን ዘይሕግዝ እዩ። ንሕና ኣብቲ ናይ ጽምዶ ተበግሶና ነዚ ጉዳይ'ዚ ክንዛረበሉ ንደሊ ኢና። ሰዓት ምስ ሓለፈ፡ ኩነታት ካብ ምቁጽጻር ወጻኢ ምስ ኮነ ክትዛረብ ትርጉም የብሉን። ቅድም ናትና ጉዳይ ክንሰርዕ ኣለና፡ ናትና ዝምድናታት ከነመዓራሪ ኣለና፡ ክልተኣዊ'ዩ ቅድም ክመጽእ ዘለዎ ይበሃል እዩ። ክልተኣዊ ዝበሃል ንኣና ኣብ ሳልሳይ ራብዓይ ደረጃ ዝስራዕ እዩ። ናትና ክልተኣዊ ዝምድናታት ክሕይል እንተኾይኑ፡ ቅድም ቀዳድም ዞባዊ ኩነታት ክመዓራረ ክኽእል ኣለዎ። ናይ ዋሺንግቶን ፖሊሲታት ኣብ ዞባና ክንፈልጥ ኣለና። ቅድሚ እንታይ እዩ ፖሊሲታትኩም ኢልና ምሕታትና ከኣ፡ እቲ ናትና ገምጋምን ሓሳብን ከነካፍሎም ክንክእል ኣሎና - ብዘይሕብእብእ። ብድሕሪኡ ዝደለዩዎ ይውስኑ። ብሓባር ክንውስን ኢና እንድሕር ተባሂሉ ከኣ ንመኻኸረሉ። ንሕና ኣብ ክልተኣዊ ጽምዶ ዘጸግም ነገር የብልናን። ንሓብኡ፡ ንረብሓታትና ኢልና ዓሰርተ ግዜ ንቐያይሮ መርገጺ የብልናን። እቶም ናይ ድብያን ጭውያን ልሂቃን ዝብሉዎ እውን ኣይንስከፈሉን ኢና። ጸቢብ ስለዝኾነ ኣተሓሳስባኦም። እንካን ሃባን ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ እዩ። እንካን ሃባን ግን እንታይ ማለት እዩ፤ ጉዳይና ክንሸይጥ፤ ጉዳይኩም ሽጡ፤ ንዋገ፤ ኣብ ዕዳጋ

ወሪድና ናብ ሓራጅ ንኺድ ዝዓይነቱ ድዩ፧ ኣባና ከምኡ ዝበሃል ነገር ኣይሰርሕን እዩ። በዚ ድማ፡ ናትና ክልተኣዊ ጉዳይ ዝበሃል ይጽናሓልና፡ ቅድም ቀዳድም ብዛዕባ ዞባዊ ጉዳያት ንወድእ፡ ብድሕሪኡ ናብ ክልተኣዊ ክንመጽእ ንኽእል ዝብል ርእይቶ እዩ ዘለና። ዞባዊ ጉዳያት ፖሊሲታት ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሓይልታት ኣብዚ ኀደቦና ኣዝዩ የገድሰና እዩ። ምኽንያቱ ዞባዊ ርግኣትን ሰላምን ዞባዊ ምትሕግጋዝን ጥምረትን ከይፈጠርካ ናተይ ጥራይ ከስልጥ እየ ልካ ምኻድ፡ ኣብ መወዳእታ ፋይዳ የብሉን። ክንዲ ዝኾነ በዞም ዞባዊ ጉዳያት እዚኣቶም ክንጅምር ኣለና ተባሂሉ ብወገንና ኣብዚ ዓመት'ዚ ዘቕረብናዮም ኣርእስትታት ኣለዉ። ብኣጠቓላሊ፡ ጽምዶ ንምፍጣር ኣብ እንገብሮ ስራሕ ዘሀውኽ የብልናን፡ ዘሰናብ ድ ' ውን የብልናን። ሃዲእና ገምጋማትና ገይርና፡ ምስቲ ዘሎ ዓለማዊ ኩነታት እና ዛመድና ፡ ኣብዘን ዝመጸ ዘለዋ ሰለስተ ዓመታት እቲ ጽምዶ ክንቅጽሎ ኢና። ንቕይሮ ነገር ኣይኮነን። እንታይ ፍረ ከምጽእ ይኽእል እንተ ተባሂሉ፡ ሓንቲ ኢድ ንበይና ስ ለ ዘይት ሰ ርሕ ፡ ናታቶም ጽቡቕ ድሌት እውን ኣገዳሲ እዩ። ናይ ኣመሪካ ጉዳይ ጥራይ እውን ኣይኮነን። ንኣመሪካ በይኖም ክንሓምዮም ኣይንኽእልን። ይኹን'ምበር ናይ ኣመሪካ ፖሊሲን ጽልዋኡን ዓቢ ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ኣመለኻኽታኦም ኣወንታዊ ክኸውን ንብህግ። ምኽንያቱ ፖሊሲታት ኣመሪካ ንዞባዊ ኩነታትና ወሳኒ እዩ። ንሳቶም ዝሓስቡዎ ክሓስቡ ይኽእሉ፡ ዝመስሎም ፖሊሲታት ክኽተሉ ይኽእሉ፡ ንሕና ከኣ ዕድል እንተረኺብና ከነማኽሮም ይግባእ። ቅድሚ ምስ ርሑቕ ሓይልታት ዝግበር ጽምዶ ግን ንሕና ከም ሓደ ኀደቦ ናይ ውሽጥና፡ ናይ ዞባና፡ ኩነታት ከነመዓራሪ ኣለና። ንሱ ከይገበርና ንኣታቶም ክንሓሚ፡ ንኣታቶም ክንረግም ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ዕዮ ገዛና ከይገበርና፡ ሽግራትና ከይፈታሕና፡ ጉዳያትና ሓደ መጥመሪ ከይገበርናሉ ንኣታቶም ኩሉ ግዜ ንዑ ሓግዙና፡ ጉዳይና ፍትሑልና ክንብል፡ ከምኡ ገይርካ ዝኸይድ ፖሊሲ ክህሉ ኣይክእልን። ብሓፈሻ፡እቲ ጽምዶ ነዞም ብሕጽር ዝበለ ክገልጾም ዝጸናሕኩ መሰረታውያን መትከላት ዝተኸተለ ኮይኑ፡ ምዕባለታቱ ኣብዚ ዝመጽእ ሰለስተ ዓመታት ክንርእዮ ኢና።

- *ክቡር ፕረዚደንት፡ ናብ ዞባና ክንሰግር፡ እቲ ዝዓበየ ብድሆ ናይ ዞባና፡ እቲ ብሰንኪ ግዳማዊ ምትእትታው እናበኣሰ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ሱዳን እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን፡ ባይቶ ጸጥታ፡ ኩነታት ሱዳን ቅልጡፍ ፍታሕ እንተ ዘይረኺቡ፡ ናብ ካልኦት ሃገራት ክልሕም ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ ኣሎ። እቲ 'ኳድ' ዝተሰምየ ተበግሶ ኣመሪካ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ግብጺን ኢማራትን ነቲ ኲናት ንምዕራፍ እንታይ ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል፧ ኣቓድም ኣቢለን ጐረባብቲ ሃገራት ዝወሰድኦ ተበግሶ'ኸ ከመይ ቀጺሉ፧*




መንግስቲ ኤርትራ ንኩነታት ሱዳን ኣመልኪቱ ምስ ሃገራት ዞባና ብኽልተኣዊ መንገዲ ዝገብሮ ምምኽኻር'ከ እንታይ ይመስል፧ ብሓጺሩ ኩነታት ሱዳን ናበይ ገጹ እዩ፧ ናይ ሱዳን ኩነታት ብመንጽር ታሪኽ ንድሕሪት ተመሊስና ክንርእዮ የገድሰና እዩ። ናይ ሱዳን ርግኣት፡ ሰላም፡ ልምዓት፡ ዕብየት፡ ኣብዚ ዞባ ዝህልዎ ግደ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ሱዳን እቲ ትማሊ ዝመጽአ ለውጢ ከመይ ኢሉ መጺኡ፧ እንተድኣ ኢልና፡ ኣብ 1989 ሙእተመር ወጠኒ፡ ብዕልዋ ስልጣን ክሕዝ እንከሎ፡ ካብ 1983 ኣብ ግዜ ኑሜሪ ኮነ ቅድመኡ ዝነበረ ኩነታት፡ ዋላ ካብ 1956 ንደሓር ኣብ ሱዳን ዝማዕበለ ምዕባለታት ኣልዒልና፡ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበረ ዝምድናታት እውን ኣዛሚድና ብዙሕ ክንዛረበሉ ንኽእል ኢና። ድሕሪ ናጽነትና፡ብሰንኪ'ቲ ሙእተመር ወጠኒ ዝኽተሎ ዝነበረ ፖሊሲ ክሳብ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምብታኽ በጺሕና ነይርና ኢና። ህዝቢ ሱዳን እውን ነዚ ስርዓት'ዚ ነዊሕ ተጻሚሙዎ እዩ። ልዕሊ 30 ዓመታት። ኣብ መወዳእታ ዒቕ ምስ በሎ ብፍኑው ህዝባዊ ናዕቢ ናብ ጽርግያ ወሪዱ ነቲ ስርዓት ኣልዩዎ። ኣብ ሱዳን ዝኾነ ፖለቲካዊ ሓይሊ ወይ ሰራዊት ዕልዋ ኣይገበረን። ህዝቢ እዩ 'ይኣኽለና' ኢሉ። ሓቂ ድማ እዩ። እዚ ከም ኣወንታዊ ምዕባለ ዝውሰድ እዩ። ሰራዊትን ናይ ጸጥታ ሓይልታትን እውን፡ ነቲ ህዝባዊ ናዕቢ ክብትኑ፡ ክጭፍልቑ፡ ሰባት ክቐትሉ ትእዛዝ እናተዋህቦም ኣብ ጎድኒ ህዝቦም ደው ኢሎም። እቲ ሰራዊት ግቡኡ እዩ ገይሩ። ሰራዊት ከም ልኡላዊ ትካል ናይቲ ሃገር ካልእ ሓላፍነት ኣይነበሮን። ናይ ህዝቢ ሕርያ ተቐቢሉ፡ ናይ ምጭፍላቕ ትእዛዝ ነጺጉ፡ ኣብ ጐድኒ ህዝቢ ደው ብምባሉ ናይ ብሓቂ ንሱዳን ናብ ሓድሽ መድረኽ ምስግጋር ኣእትዩዋ እዩ። ግዝያዊ መሰጋገሪ ባይቶ ድማ ኣቚሙ። ግዝያዊ መሰጋገሪ ባይቶ እንታይ ማለት'ዩ፧ እንተድኣ ኢልና፡ ሰራዊት ሒዙዎ ዘሎ ስልጣን ንግዜኡ ኮይኑ፡ ብሕድሪ ናብ ካልእ መድረኽ ንምስግጋር እዩ። ኣብ መወዳእታ ንኡ ዝኸውን ስርዓት ዘቕውም ህዝቢ ሱዳን እዩ። ክሳብ'ቲ ህዝቢ ዘቑሞ ሓድሽ ስርዓት ዝመጽእ ከኣ፡ ሰራዊት ነታ ሃገር ብሕድሪ ተሰኪሙዋ

ይጸንሕ። ብናትና ዓይኒ ጥራይ ዘይኮነ ብወድዓዊ ትዕዝብቲ፡ ኣብ ሱዳን ብህዝባዊ ናዕቢ ለውጢ ብምምጽኡ እወታዊ ምዕባለ'ዩ ነይሩ። እዚ እወታዊ ምዕባለ'ዚ ግን ኣብ መዕለቢኡ ክበጽሕ ኣይከኣለን። ህዝቢ ሱዳን ድሕሪ'ቲ ኩሉ በደል፡ ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ኣትዩ፡ ነቲ መሰጋገሪ መንገዲ ወዲኡ ኣብቲ ዝደልዮ ክበጽሕ ነይሩዎ። ብወገንና ካብ ዝሓለፈ ተመክሮታትና፡ ብዙሕ ስለ ዝተመሃርና፡ እቲ ጉዳይ ንኻልኦት ክንጽበየሉ እውን ስለዘይብልና፡ ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ብቐጥታ ምስኦም ክንጸምድን ክንተሓባበርን ተበጊስና። ክንጸምድ እንተድኣ ኢንና ድማ ናታቶም ኣናብባ ኣብቲ ጉዳይን ኣካይዳኦምን ክንፈልጥ ኣለና። ሽዑ ሓሳብና ነቕርበሎም። በዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ናይ ጽምዶ ፖሊስና ሰሪዕና፡ ምስቲ ዝቖመ መሰጋገሪ ባይቶ ክንሰርሕ ጀሚርና። ብዘረባ ጥራይ ዘይኮነ ብጽሑፍ፡ ናትና እማመ ኣቕሪብና። ሰቕ ኢሉ ካብ ርእስና ዝመንጨወ ኣይኮነን። ካብ ወድዓዊ ንባብ ኩነታት ሱዳን ዝብገስ እዩ። ከመይ መንገዲ ከም ዝረኣየና ሓሳባትና ኣካፊልና፡ ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ እውን በጺሕና ነይርና። እቲ መሰጋገሪ ባይቶ ብውሑዱ 2 ዓመት እንተነውሐ ከኣ 3 ዓመት ጸኒሑ፡ ዝተሰከሞ ሕድሪ ንህዝቢ ሱዳን ከረክቦ ኣለዎ እዩ ርእይቶና። እዚኣ'ያ እታ ናትናን ናቶምን ናይ ሓባር መረዳእታ። ብኸመይ መንገዲ የረክቦ፧ ሓደ ሰነድ ከዳሉ ክኽእል ኣለዎ። ህዝቢ ሱዳን ነቲ ዝጸንሐ ስርዓት ነጺጉ ካልእ ስርዓተ መንግስቲ ይሓትት እንተሎ፡ እቲ ዝደልዮ ዘሎ ስርዓተ መንግስቲ እንታይ'ዩ፧ ብኸመይ ይንደፍ፧ ብኸመይከ ናብ ግብሪ ይትርጎም እቲ ሰነድ ከነጽሮ ኣለዎ። ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ሱእተመር ወጠኒ ኣብ ሱዳን ዘኸተሎ ዕንወት ቀሊል ኣይኮነን። ካብኡ ናብኡ ኣብ ዞባና ዘምጽኦ ጸገማት እውን መወዳእታ የብሉን። ብፍላይ ድሕሪ 2011 ዝተኸተሎ ፖሊሲታት ኣብ ሱዳን ጥራይ ዘይኮነ ኣብዚ ዞባ ዝፈጥሮ ዝነበሮ ቀሊል ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት ርግኣት፡ ሰላም፡ ልምዓት ናይ ሱዳን፡ ንኣና ጥራይ ዘይኮነ፡ ነዚ ከባቢ'ዚ ብምሉኡ ኣገዳሲ ስለዝኾውን፡ እዘን ናይ ምስግጋር እዋናት ብግቡእ ብሰላም ክኾዳ ኣለወን ኢልና፡ ነቲ ወድዓዊ ንባብ ዝኸሕዶ ሰብ እውን ስለ ዘይነበረ፡ ብኡ ክንከይድ ኣለና ተባሂሉ፡ ሰራዊት ሓላፍነት ተሰኪሙ፡ ጉዕዞ ጀሚሩ። እዚ ጉዕዞ'ዚ እናኸደ እንከሎ፡ ናይ ደገ ምትእትታው መጺኡ። እቲ ናይ ደገ ምትእትታው ምስ ካልእ ኣብዚ ከባቢ'ዚ ዘሎ ውዲታት ተኣሳሲሩ ዝመጸ እዩ። ምናልባት እቲ ናይ ኢማራት ውክልና ክንብሎ ንኽእል። እቲ ዕላማ፡ ነቲ ኣብ ሱዳን ዘጋጠመ ኩነት መዝሚዝካ፡ ነታ ሃገር ኣብ ዕልቕልቕ ተእትዋ። ሱዳን እንተድኣ ኣብ ዕልቕልቕ ኣእቲኻዮ፡ ወይ ሱዳን እንተድኣ ተቼጻጺርካ፡ ንግብጺ ትጸሉ፡ ንሊብያ፡ ንጫድ፡ ንሪፖብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ንደቡብ ሱዳን፡ ንኢትዮጵያ፡ ንኤርትራ ትጸሉ፡ ንቀይሕ ባሕሪ ትጸሉ፡ ማእለያ ዘይብሉ ጽልዋታት እዩ ዘምጽእ። ኣብ ሱዳን ቅድሚኡ ናይ ሰራዊት ባእሲ ኣይነበረን። ኲናት ሓድሕድ እውን ኣይነበረን። ክሳብ ሎሚ

ለይቲ እውን እንተኾነ ከምኡ ዓይነት ኩነታት የለን። ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ምግዝዛዕ ነይሩ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ኣብ ምንታይ ኣርእስቲ ምግዝዛዕ ክመጽእ ይኽእል፣ ናይቶም ጀነራላት ግርጭት ወይ ውድድር እውን ኣይኮነን። እዞም ጀነራላት ይኹኑ እቲ ሰራዊት ብምሉኡ ከም ልኡላዊ ትካምኽንያት የብሉን። እቲ ዘቕረብናዮ ወረቐት እውን ዝኾነ ናይ ፖለቲካ ሓይሊ ኣብዚ መሰጋገሪ መድረኽ'ዚ ኣብ ውድድር ክኣቱ ከምዘይብሉ ዝመክር እዩ። እቲ ሕድሪ ናብ ዋናታቱ ምስ ተረከበ ድሕሪኡ ናይ ፖለቲካ ጉዳይ ኣለኒ፡ ናይ ፖለቲካ ሰልፊ'የ፡ ውድብ'የ፡ ውልቀ ሰብ እየ ግን ናተይ ሓሳብ ኣለኒ፡ ዝብል ሓሳቡ ከምጽእ ይኽእል። ኣብዚ መሰጋገሪ መድረኽ ግን ዘከራኽር ኣርእስቲ የለን። ክሳብ'ቲ ሰነድ ተነዲፉ ህዝቢ ሱዳን ሕርያኡ ዝፈልጥን ሕርያኡ ዝውስንን ከኣ ንኡ ዝዕንቅፍ ዝኾነ ነገር ክመጽእ ኣይግባእን። እገለ ምስ እገለ ኣይተሰማምዐን፡ ኢልካ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘየሎ ኣርእስቲ ኣልዒልካ፡ ንጉዳይ ሱዳን ምትሕልላኽ፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ቅቡል ኣይኮነን። ሰራዊት ስልጣን መንጢሉ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ከምኡ ኣይኮነን። እቲ ሰራዊት ብግዝያውነት እዩ፡ ነቲ ስልጣን ሒዙዎ። ክሳብ ሕድሩ ዝፍጽም ድማ ምስቲ ሰራዊት ዘጨቓጭቕ ምኽንያት የለን። ኣብ ውሽጢ ሰራዊት እገለ ምስ እገለ ኣይተሰማምዐን ኢልካ ዘየድሊ ቈይቍ'ውን ከተምጽእ ዝግባእ ኣይኮነንል ናይ ሱዳን እዋናዊ ሓላፍነት ወይ ድማ ተልእኾ ተሰኪሙ ዝኸይድ እምበር፡ ኣብ ስልጣን ዘወዳድር ምኽንያት የብሉን። እቲ ዘቕረብናዮ ወረቐት እውን ዝኾነ ናይ ፖለቲካ ሓይሊ ኣብዚ መሰጋገሪ መድረኽ'ዚ ኣብ ውድድር ክኣቱ ከምዘይብሉ ዝመክር እዩ። እቲ ሕድሪ ናብ ዋናታቱ ምስ ተረከበ ድሕሪኡ ናይ ፖለቲካ ጉዳይ ኣለኒ፡ ናይ ፖለቲካ ሰልፊ'የ፡ ውድብ'የ፡ ውልቀ ሰብ እየ ግን ናተይ ሓሳብ ኣለኒ፡ ዝብል ሓሳቡ ከምጽእ ይኽእል። ኣብዚ መሰጋገሪ መድረኽ ግን ዘከራኽር ኣርእስቲ የለን። ክሳብ'ቲ ሰነድ ተነዲፉ ህዝቢ ሱዳን ሕርያኡ ዝፈልጥን ሕርያኡ ዝውስንን ከኣ ንኡ ዝዕንቅፍ ዝኾነ ነገር ክመጽእ ኣይግባእን። እገለ ምስ እገለ ኣይተሰማምዐን፡ ኢልካ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘየሎ ኣርእስቲ ኣልዒልካ፡ ንጉዳይ ሱዳን ምትሕልላኽ፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ቅቡል ኣይኮነን። ሰራዊት ስልጣን መንጢሉ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ከምኡ ኣይኮነን። እቲ ሰራዊት ብግዝያውነት እዩ፡ ነቲ ስልጣን ሒዙዎ። ክሳብ ሕድሩ ዝፍጽም ድማ ምስቲ ሰራዊት ዘጨቓጭቕ ምኽንያት የለን። ኣብ ውሽጢ ሰራዊት እገለ ምስ እገለ ኣይተሰማምዐን ኢልካ ዘየድሊ ቈይቍ'ውን ከተምጽእ ዝግባእ ኣይኮነን።እቲ ሓቂ እዚ እናኾነ፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ የመን፡ ሶማል፡ ደቡብ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት፡ ነዛ ጉዳይ እዚኣ እውን ክንጻወተላ ኣለና ኢሎም ነቲ ኩነታት ንምዝራግ ምትእትታዋት መጺኡ። ዳዕመ 'ሰሪዕ ዝበሃል ኣሎ እሞ፡ ንኡ ንሓግዞ ኢልካ፡ ንዳዕመ ሰሪዕ ትምውሎ፡ ኣጽዋር ተምጽኣሉ፡ ድሮናት

ትህቦ፡ ብዝተፈላለየ ግንባራት ኲናት ትእውጅ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሱዳን'ዩ ኲናት ተኣዊጁ። ብዝተፈላለየ ግንባራት። ካብ ምብራቓዊ ሊብያ ንሰሜንን ምዕራብን ሱዳን፡ ኣብ ጫድ ወተሃደራዊ ሓይሊ ወዲብካ፡ እንተላይ ዕሱባት "መርሰነሪስ - ሙተርዘቓ" ኣምጺእካ፡ መጥቃዕቲ ብምዕራብ ዳርፉር፡ ብሪፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃን ደቡብ ሱዳንን ግንባር ፈጥርካ ንማእከል ገጽካ፡ ካብ ብሉ ናይልን ኩርዱፋንን ተመሳሳሊ መጥቃዕትታት፡ እቲ ዝዓበየ ኲናት ከኣ፡ ኣብ መወዳእታ (ፋይናል) ዝብሉዎ ንሳቶም፡ ኣብ ኢትዮጵያ ሓይሊ ወዲብካ ብብሉ ናይል ገይርካ፡ ንክርዱፋን፡ ንምብራቕ ሱዳን ገጽካ መጥቃዕትታት ምግባር። በዚ መገዲ'ዚ ሱዳን ኣብ መወዳእታ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኣድካ ኣእቲኻ ምቁጽጻር። ከምዚ ዓይነት ፋንታዝያ፡ ከምዚ ዓይነት ናይ ውልቀ ሰባት ሕልሚ ከምጽኦ ዝኽእል ዕንወትን መቕዘፍቲን ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ሱዳን ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝረኣናዮ ንሱ እዩ። ብዘይ ዝኾነ ናይ ፖለቲካ ቊርቊስ ወይ ኲናት ሓድሕድ፡ ከምዚ ዓይነት ዕንወት ክምኽነ እውን ዝኽእል ኣይኮነን። ብርእይቶና ሕጂ እውን ህዝቢ ሱዳን ዕድል ክወሃቦ ኣለዎ። እቲ ሰራዊት ኣብ እዋን ምስግጋር ተሰኪሙዎ ዘሎ ሓላፍነት፡ ኣገናዕ! ኣጆኻ! ኣብ ዝብጻሕ ኣብጽሓዮ ኢልካ ክድገፍ ኣለዎ። ናይ ሱዳን ጉዳይ፡ በዚ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመት ዝመጽአ ምዕባለታት ጥራይ ዝርአ ኣይኮነን። ምስ ነዊሕ ታሪኽ ኣዛሚድካ ክርአ ዘለዎ እዩ። ንሕና ሓደስቲ ተዋሳእቲ፡ ሓደስቲ ጸመድቲ ኣይኮንናን ምስ ሱዳን። ናይ ደቡብ ጉዳይ ምስ ተላዕለ፡ ዝነበረና ተበግሶ ዝዝከር እዩ። ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን (NDA) ኣብ ኣስመራ ምስ ተመስረተ፡ ሱዳን ናብ ሓድሽ መድረኽ ህንጸት ሃገር ክትኣቱ ዕድል ከፊቱ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ግን እቲ መስርሕ በርዒኑ። ኣብ 2011 ምንጻል ናይ ደቡብ ሱዳን መጺኡ። ከምኡ ክኸውን ኣይነበሮን። ንሕና ስለ ዘይደልናዮ ዘይኮነ፡ ደቂ ደቡብ ሱዳን ንገዛእ ርእሶም እውን ኣይከውንን'ዩ እናበሉ ዝመጽአ እዩ። ኣመጻጽኣኡ ናቱ ዳይናሚክስ ኣለዎ። እዚ ግን ክድገም የብሉን። ቅድም ዝተፈጸመ ፖለቲካዊ ጌጋታት መመኽነይታ እናገበርካ ናብ ካልእ ጌጋታት ምኻድ ኣየድልን እዩ። ካብ 1956 ዝጀመረ ህንጸት ሃገር ሱዳን፡ ጽቡቕ እናኸደ ጸኒሑ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ተኹሊፉ፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቅልውላው ኣትዩ፡ ሱዳን ክዓኑ ዝኾነ ሰብ ሕልናኡ ክቕበሎ ዝኽእል ኣይኮነን። ነዚ ትማሊ ዝመጽአ ጸገማት ከኣ፡ ንሕና ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ክንቅበሎ ኣይንኽእልን ኢና። ንሱዳን መድረኽ ገይርካ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሰሜን ምብራቕ ኣፍሪቃ ዕልቕልቕ ናይ ምፍጣር ውጥን፡ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን ንኣና። ካብ ነዊሕ ግዜ ክንዕዘቦ ዝጸናሕና እዩ። ሱዳን ከም መድረኽ መዝረጊ ሰላም ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ተወሲዱ፡ ሰዓት ብሰዓት፡ መዓልቲ ብመዓልቲ፡ ዝተፈጸመ ምንቅስቓሳት ሓደ ብሓደ ክንገልጾ ንኽእል ኢና። ሕጂ ከኣ ህዝቢ

ሱዳን ይኣኽለና ኢሉ፡ እፎይታ ክረክብ ኣብ ዝተተስፈወሉ መድረኽ፡ ከምዚ ዓይነት ምዝራግ፡ ስለምንታይ፧ ሕስይስይ ዘይብሉ፡ ነቲ ሕድሪ ተሰኪሙ ዘሎ ሰራዊት፡ ልኡላዊ ትካል ናይ ሱዳን፡ ኩሉ ሕልና ዘለዎ ሰብ ክድግፎ ኣለዎ። ናትና ናይ ገዛእ ርእስና ናይ ኤርትራ መርገጺ ጥራይ ኣይኮነን። ናይ ዓለም መርገጺ እውንከምኡ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣብዚ ዘሎ ምድንጋር ናይ ኣረኣእያታት፡ ዝተፈላለያ ሓይልታት ዘለወን ጸወታ ሓደ ብሓደ ዘርዚርካ ክዝረበሉ ይከኣል እዩ። ብቐንዱ ግን፡ ናይ ሱዳን ጉዳይ ካብ እዚ ተሸሚምዎ ዘሎ ዓዘቕቲ ወጺኡ ንህዝቢ ሱዳን ናብ ዘርዊ መድረኽ ክሰግር ኣለዎ። ብናትና ኣዘራርባ ብናትና ቋንቋ ድልድል ክህነጽ ኣለዎ። ሱዳን ካብ ሓደ ጸግዒ ናይቲ ፈለግ፡ ናብቲ ካልእ ጸግዒ ክሰግር ክኽእል ኣለዎ። ሕጂ ኣብዚ እዋን'ዚ ዝኾነ ዝደቓቐስ ናይ ፖለቲካ ክርክር ወይ ሕሳባት የለን። ክሳብ'ቲ ህዝቢ ሱዳን፡ እታ ሕድሪ ካብ ሰራዊት ተረኪቡ ንኡ ዝኸውን ስርዓት ክፈጥር ዕድል ዝረክብ፡ ቁርቁስ ኣሎና፡ ናይ ፖለቲካ ኣረኣእያ ኣለና፡ ምስ እገለ ተሰማሚዐ ኣይተሰማማዕኩን ዝበሃል መመሳመሲ ጉዳያት እናልዓልካ ንሱዳን ኣብ ቅልውላው ኣእቲኻ፡ ነዚ ከባቢ ብምሉኡ ርግኣቱ ንምዝራግ ዝግበር ዘሎ ፈተነታት ኩሉ ሰብ ክምክቶ ዘለዎ እዩ። ህዝቢ ሱዳን ጥራይ ኣይኮነን ንበይኑ ክምክቶ ዘለዎ። ኩሎም ናይኣሎና። ኣብ መወዳእታ እንታይ እዩ እቲ ፍታሕ ዝብል ሕቶ ክመጽእ ይኽእል። ብዙሕ ፈተነታት በሎ ጻዕርታት ክካየድ ጸኒሑ እዩ። ኳድ (ሩባዒያ) ዝበሃል ኣሎ። መን'ዩ እዚ ሩባዒያ እዚ፧ በየን እዩ ቆይሙ፧ መዓስ፧ ስለምንታይ እዩ ቆይሙ፧ እንታይ እዩ'ሽ ዕላማኡ፧ እንድሕር ተባሂሉ፡ ናቱ ዛንታ መጽሓፍቲ'ውን ክትጽሕፈሉ ትኽእል ኢኻ። ኣብኡ ዘሎ ጽውጽዋያት መወዳእታ የብሉን። ሕጂ 'ሩባዒያ' ዝበሃል የለን። ቅድሚኡ ሩባዒያ ካልኦት ተበግሶታት ነይሮም። ናይ ስዑድያን ናይ ኣመሪካን ዝበሃል ናይ ጅዳ ተበግሶ ነይሩ። ስዑድያ ነዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ኣመሪካ ኮይና ክትፈትሖ ምድላያ ስለምንታይ፧ ክንዘራረበሉ ዝጸናሕና ጉዳይ እዩ። ዚ ከባቢ ሓይልታት ክምክትዎ ኣለዎም። ናይ ሱዳን ርግኣትን ሰላምን ልምዓትን ንኹሉ ዘርብሕ እዩ። ንህዝቢ ሱዳን ጥራሕ ዝምልከት ኣይኮነን። ንሕና ሕልናዊ ግዴታና ኣልዒልና ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ብሓላፍነታዊ መገዲ ክንዋሳእ ጸኒሕና ንሕና ንፈትዎ'ዶ ንጸልኦ ኣይኮነን እቲ ሕቶ። እንታይ እዩ ኣድላይነቱ፧ እንታይ እዩ'ሽ እቲ ዕላማ ኣብ መወዳእታ፧ እቲ ተበግሶ ኩናት ሓድሕድ ስለዘሎ እሞ ደው ንምባሉ ድዩ፧ ኣብ መንጎ ክልተ ጀነራላት ባእሲ ስለዘሎ ንምዕራቕም ድዩ፧ ንዘየሎ ጉዳያት ከምዘሎ ኣምሲልካ ዝውሰድ ናይ ዕርቂ ተበግሶታት ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ምኽኑይ ክኸውን ኣይክእልን። 'ሩባዒያ' ዝበሃል ቅድሚ ምምጽኡ፡ ብመንግስቲ ግብጺ ዝተወስደ ናይ ጎረባብቲ ሱዳን ሃገራት ተበግሶ እውን ነይሩ። ናይ ብሓቂ ጽቡቕ ተበግሶ'ዩ። ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ

ከምኡ ዝኣመሰለ መድረኽ ምስታፈን፡ ንቕሓተን ኣረኣእያአን ኣብ ጉዳይ ሱዳን ከስፍሓ ክሕግዝ ዝኽእል እዩ ነይሩ። ተሓባቢረን ኣእጃመን እናበርከታ ነቲ ሽግር ክፈትሓአ ዕድል ዝፈጥር'ዩ ነይሩ። ቅልቅል ኢሉ ግን ጠፊኡ። ሓደ ሃንፍ ስዑድያ ኣብኡ ኣይተዓደመትን። ስዑድያ ጐረቤት ሱዳን እያ፡ ክትዕደም ነይሩዋ። ብዝኾነ እዚ ናይ ኀረባብቲ ሃገራት ተበግሶ እውን፡ በርዒኑ ተሪፉ። ሕጂ ዝመጽእ ዘሎ ተበግሶታት ናይ ሕቡራት ሃገራት፡ ባይቶ ጸጥታን ካልእን ዝበሃል ካልእ ዕላማ የብሉን። ነቲ ጉዳይ ኣደናጕኺ ምትሕልላኽ እዩ። እቲ ዘገርም ከኣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ሕቡራት ሃገራት። ከምኡ ዝኣመሰለ ዓለማዊ መድረኽ ፈጢርካ፡ ነቲ ጉዳይ ተጋፍሖ፡ ዘይመልክዑ ትህቦ፡ ዘይኮነ እማመታት ተቕርብ፡ ኣብ መወዳእታ ተኹሲ ደው ምባል (cease-fire)፡ ልዝብ፡ ሰላም፡ ጥዑም ጥዑም ዘረባታት እናምጻእካ ነቲ ግዜ ትመጦ። ምስ ግዜ ድማ ናብ ዘየድሊ ማእዝን ትወስዶ። ዳርጋ ናይ ምትሕልላኽ ታክቲክ እዩ። ኣብ ትሕቲ ጽላል ሕቡራት ሃገራት ይኹን ካልኦት ዝተፈላለያ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ውድባት ኴንካ፡ ንጉዳያት ኣብ ክንዲ ብግቡእ ኣንቢብካ ፍታሕ ተምጽኣሎም፡ በዝን በትን ዝሓላልኽ ሓሳባት ተምጽእ፡ ሓሳባት ኣብ ምኩምሳዕ ኮለል ትብል። እቲ ጉዳይ ድማ ምስ ግዜ ኣብ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ደረጃ ይድይብ። እዚ ጉዳይ'ዚ ከምኡ ዘድልዮ ኣይኮነን። እከለ ምስ እከለ ይበኣስ ኣሎ፡ ሰራዊት ነንሓድሕዱ ይናቖት ኣሎ፡ ፖለቲካውያን ሓይልታት ኣይተሰማምዑን፡ ዝደቓቐስ ሕሳባት እናበልካ ክትሓላልኾ ጸኒሕካ ኣብ መወዳእታ ንብዓት ሓርገጽ ትነብዕ፤ ጠምዮም፡ ሞይቶም፡ ከምዚ ኮይኖም፡ ኣንስቲ ቈልዑ ጠፊኦም እናበልካ ትዛረብ፡ ነቲ ጉዳይ ኣብ ዘይማእዝኑ ኣእቲኻ፡ ኣብ ዘየድልዮ ዓዘቕቲ ኮፍ ኣቢልካ፤ ሽዑ ነቲ ሽግር ተመሓድር፤ እንታይ ማለት እዩ፤ ናይ ሱዳን ጉዳይ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓዘቕቲ ብቕልጡፍ ክወጽእ ኣለዎ። እታ ሓጻር ቅንዕቲ መንገዲ፡ እዚ ስልጣን ወይ ሕድሪ ተሰኪሙ ዘሎ ግዝያዊ ወይ መሰጋገሪ ባይቶ (Council)፡ ተልእኾኡ ፈጺሙ ንህዝቢ ከረክብ ዕድል ይወሃቦ። እቲ መጺኡ ዘሎ ሳዕቤን፡ ዕንወት፡ ስደት፡ ጥሜት፡ ሞት፡ ሕማማት፡ እቶም ዘምጽኡዎ ይተሓተቱሉ። እቶም ነቲ ቅልውላው ዝምውሉዎ ዘለዉ ይተሓተቱሉ። ነቲ ዘሎ ሽግር ከሕጽር ዝኽእል ካብዚ ዝበለጸ ርእይቶ እንተሎ ይምጻእ። እከለ ምስ እከለ ክዛረብ ይኽእል እዩ፡ ሓደ መንግስቲ ከነምጽእ ኢና፡ ከምዚ ክንቅይር ኢና፡ እናተባህለ፡ ነቲ ጉዳይ ናብ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ መድረኽ ንምዕራጉ ዝግበር ፈተነታት ኣብ ትሕቲ ጽላል ባይቶ ጸጥታ ይኹን ኳድ ወይ ካልኦት ኣካላት ቅኑዕ ኣይኮነን። ናይ መን ተበግሶ ኣይኮነን እቲ ዘዛርብ ሕቶ። እንታይ'ዩ ትሕዝቶኡ፡ ኣብ መወዳእታ ናብ ምንታይ ንምብጻሕ'ዩ እዩ እቲ ዕላማ። ብወገንና እዚኣ'ያ እታ ንባብ፡ ካብኡ ዝበለጸ ንባብ ኣለኒ ዝብል ይንገረና። እቲ ክስገር ዝድለ ዘሎ ሓጹር እዚን እዚን'ዩ ዝመስል፡ ከምዚ ገይርና ከነሕጽሮ ኢና ኢሉ ሓሳባቱ የምጽእ። እቲ

ካብ 1956 ዝጀመረ መስርሕ ህንጸት ሃገር ሱዳን፡ ከም ብሓድሽ ክቕጽል እንተኾይኑ፡ ብዘይካ እዚኣ ንገልጻ ዘለና ካልእ መንገዲ የለን። እዚ ብድራማቲካዊ ዝኾነ ናይ ሚድያ መቓልሓትን ምግናንን፡ ሰብ እናጽመምካ ነቲ መስርዕ ካብ መኣዝኑ ኣውጺእካ ናብ ቅልውላው ንምእታው ክግበር ዝጸንሐ ፈተነታት፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ህዝቢ ሱዳን ኣይተቐበሎን፡ ግዝያዊ መሰጋገሪ ባይቶ እውን ክቕበሎ ዝኽእል ኣይኮነን። ኣብ መወዳእታ ሕልና ዘለዎ ኩሉ፡ ብፍላይ ጎረባብቲ ሃገራት ሱዳን ኣእጃመን ክገብራ ኣለወን። ግብጺ እጃማ ክትገብር ኣለዋ። ሊብያ መጋበርያ መድረኽ ኣብ ክንዲ ትኸውን መስርዓ ክትቅይር ክትክእል ኣለዋ። ጫድ እውን ብተመሳሳሊ። እቶም ጎረባብቲ ሱዳን ዝበሃሉ'ውን ብዝተፈላለየ ኣቃውማታት ሽግራቶም ክፈትሑ፡ ሓቢሮም ኣበርክቶ ክገብሩ ኣለዎም። ኣብ ኣናብባ ኣይሰማማዕን'የ ዝብል እንተሎ ኣብ ጣውላ ኮፍ ኢልካ ክትዘራረበሉ ሓሳብ ንሓሳብ ክትለዋወጠሉ ትኽእል ኢኻ። በዚ መገዲ'ዚ ድማ ብናይ ሓባር መረዳእታ ናይ ሓባር መደብ ኣውጺእካ ምስራሕ ይከኣል። እንተ ዘየለ፡ ጉልባባት እናምጻእካ፡ ናይ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ናይ ዝተፈላለየ ካልኦት ውድባት ተበግሶታት እናተባህለ ዝግበር ዘየድሊ ምግፋሕ ነቲ መሰረታዊ ሽግር ክኣሊ ዝኽእል ኣይኮነን። ንገዛእ ርእሶም ሓዊ ዝኣጉዱ ዘለዉን ነቲ ሓዊ ዘይቲ ዝውስኹሉ ዘለዉን ኣብዚ ተበግሶታት'ዚ ተዋሳእቲ ኮይኖም፡ ምስ ዝተፈላለያ ኣህጉራውያን ትካላት ጸለውቲ ሃገራት ንሰርሕ ኣለና እናበሉ ዝፈጥሩዎ ሕልኽላኻት ኩሉ ሰብ ክነቕሓሉ ኣለዎ። ጉዳይ ሱዳን ካብዚ ናይ ኳድ ድዩ ናይ ጎረባብቲን ካልእን ዝበሃል ተበግሶታት ወጺኡ፡ ብቐንዱ ንህዝቢ ሱዳን ዕድል ክወሃቦ ኣለዎ። እታ መስርሕ ንጽርቲ ስለ ዝኾነት፡ ዝውሰኸላን ዝንከየላን ነገር የለን። ህዝቢ ሱዳን ካብ'ዚ ዓዘቕቲ'ዚ ክወጽእ ኣለዎ። ብዝኾነ ሕጂ ምስ ግዜ ንቕሓት ህዝቢ ሱዳን እውን እናሓየለ ይኸይድ እዩ ዘሎ። ዓቕሚ መሰጋገሪ ባይቶ እውን እናተመሓየሸ ይኸይድ ኣሎ። ዓለም እውን እንተኾነ እናፈለጠ ይኸይድ ስለዘሎ፡ እቲ ፍታሕ ክቀላጠፍ፡ ንህዝቢ ሱዳን ኮነ ነዚ ከባቢ ብምልኡ ዘርብሕ እዩ። እቶም ኣብኡ ኢዶም ዘእትዉ፡ ሓዊ ዝወልዑ፡ መሊሶም ዘይቲ ዝውስኽሉ ዘለዉ'ውን እናተጋህዱን እናተቓልዑን ይኸዱ ስለ ዘለዉ፡ ናይ ሱዳን ኩነታት ተስፋ ዝህብ ምዕባለታት ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል።


• *ጉጅለ ብልጽግና፡ ስትራተጂ ክልተ ማያት ዝብል ዘይክዉንነታዊ ውጥን ሒዙ፡ ቀጻልን ኣሰልካይን ፕሮፖጋንዳዊ ዘመተ ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ጽዑቕ ዘመተ'ዚ፡ ኡናት ንምእዋጅ ዝጥጃእ ዘሎ ቅድመ ምድላዋት ምዃኑ ዝገልጹ ወገናት ኣለዉ። በቲ ካልእ ወገን፡ ኣብ ክልላት ትግራይ፡ ኣምሓራን ኦሮሚያን ካልእን ዘሎ ዘቤታዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኣዝዩ ኣሰካፊ'ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ናበይ ከምርሕ ይኽእል፧*




ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ'ኸ፤ ኣነ እኳ እዛ ሕቶ እንተ ገደፍኩማ ይሓይሽ ክብለኩም ሓሲበ ነይረ። ነዚ ከምዚ ዓይነት ባህርይ ዝገልጻ ኣርባዕተ ቃላት (ኣክሮንይም) ኣለዋኒ። ንሳተን ሰነፍ፡ ነዳይ፡ ስሱዕ፡ ፈራሕ ዝብላ'የን። ሓደ ሰነፍ፡ ነዳይ፡ ፈራሕ፡ ስሱዕ ከምዚ ዝኣመሰለ ህውቱት ኣጀንዳ ኣምጺኡ፡ ንህዝቢ ኣብ ህውከት ከእቱ፡ እንታይ ማለት እዩ፤ ተኣዊጁ ዘሎ ኲናት ናይ ብሓቂ ዘገርም ነገር'ዩ። ከምኡ ዘገርም ነገር ሰሚዕና ኣይንፈልጥን። ብዙሕ ርኢና'ሞ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ስርዓታት ኲናታት ይእውጁ ነይሮም እዮም'ሞ፡ ከምዚ ግን ተሰሚዑ ኣይፈልጥን። ስለምንታይ'ዩ ከምዚ ዓይነት ኣዋጃት ኲናት፤ እቲ ቀዳማይ ኣዋጅ ኲናት ኣንጻር ህዝቢ ኢትዮጵያ'ዩ። እዚ ናይ ማያት ዝበሃል ንመዳመቒ ዝቐርብ ዘሎ'ዩ። ብሓፈሻ ግን ኲናት ዘይተኣወጀሉ ወገን የለን። ኲናት ናይ ማያት ኢልካ ምእዋጅ፡ እንታይ ማለት እዩ፤ ንመን ኢኻ ትእውጅ ዘለኻ እቲ ኲናት። እቲ ትእውጆ ዘለኻ ኲናት ንመን ይምልከት፤ መልሲ ክትረኽበሉ እውን ኣጸጋሚ እዩ። ስምምዕ ፕሪቶርያ ተገይሩ ምስ ተባህለ፡ ቅድም ቀዳድም ፋኖታት ከነጥፍኦም ኣለና ብዝብል ኣንጻር ህዝቢ ኣምሓራ ኲናት ተኣዊጁ። ቀጺሉ ኣንጻር ህዝቢ ትግራይ፡ ኣንጻር ኦሮሞ፡ ኣንጻር ሶማል ኣንጻር ዓፋር ኲናት ተኣዊጁ። መወዳእታ ዘይብሉ ኲናት'ዩ ተኣዊጁ። እቲ ዝኸፍአ ኲናት ንሱ እዩ - እቲ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዘሎ። እዚ ናይ ቀይሕ ባሕሪ'ዶ ሞስኮት ባሕሪ እናተባህለ መዓልቲ መዓልቲ ዝዝረብ ዘረባታት፡ እቶም ዝሰምዕዎ ዓቃላት'ዮም እየ ዝብል ኣነ። ንኡ ከይሰምዐ መንገዱ ሒዙ ዝኸይድ ግን፡ ኣብቲ ሓሸውየ ኣይኣቱን'ዩ። ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቅልውላዋት ክኣቱ ዝሓስብ ሰብ ሰነፍ፡ ነዳይ፡ ፈራሕ፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ስሱዕ ጥራይ'ዩ። ዘየለ ነገር ኣምጺእካ ኣብ ቆይቍ ትኣቱ፡ ከምዚ ኢለዮም፡ ከምዚ ኢሎሙኒ፡ ንሕና ከምዚ ኢልና ኣለና፡ ንሳቶም ከምዚ ይብሉ። እዚ ወልፊ እዩ፥ ወልፊ ናይ ነዳያት፥ ወልፊ ናይ ስሱዓት፥ ወልፊ ናይ ፈራሓትን ሰነፋትን'ዩ። ካልእ ትርጉም ክህልዎ ኣይክእልን። ስለምንታይ ሰብ ይሻቐል ብዛዕባ'ዚ፥ ክሻቐለሉ ዘለዎ ጉዳይ ኣይኮነን። ኲናት ተኣዊጁ፡ ድሮናት ይመጽኣ ኣለዋ፤

መንዩ ነተን ድሮናት ዘምጽኣን ዘሎ፣ መን'ዩ ነዚ ኩሉ ኣጽዋር ካብ ደገ እናሸመተ ዘምጽእ ዘሎ፣ መንዩ ነዚ ኩሉ ውዲታት'ዚ ዝምውል ዘሎ፣ ካብይ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ እቲ ገንዘብ፣ መን'ዩ በዚ ገንዘብ'ዚ ዝግዛእ ዘሎ ዕሱብ፣ ስለምንታይ'ዩ ዝግዛእ ዘሎ፣ እንታይ ክበልዕ እንታይ ክረክብ ኢሉ'ዩ ዝኣቱ ዘሎ፣ እዚ ጸወታ'ዚ፡ ናታቶም ኣጀንዳ እውን ኣይኮነን። እዚ ኣጀንዳ ናይ ብልጽግና ኣይኮነን። ናይ ካልኦት ኣጀንዳ እዩ። ናይቶም ዝምውሉዎ ዘለዉ፡ ገንዘቦም ዝህቡ ዘለዉ ኣጀንዳ እዩ። ካብቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ኩናት ሱዳን፡ ፈሊኻ ዝርአ ኣይኮነን። ካብ ዝኾነ ሰብ ዝተሰወረ ምስጢር እውን ኣይኮነን። እዚ፡ ብልጽግና ድዩ ዝበሃል ድላይካ ስም ሃቦ፡ ናይ ሰነፋት፡ ናይ ከድዓት፡ ናይ ስሱዓት ናይ ፈራሓት ጃንዳ፡ መቖሽሽ እናለቐመ፡ ተረፍ መረፍ ናይ መኣዲ እናበልዐ ዝሰርሕ ዘሎ፡ ኩናት ኣዊጁልና ኢልና ንሕና ንጫነቐሉ ምኽንያት የለን። እንታይ ዓይነት ኩናት'ዩ ክእውጅ፣ ብዙሕ ተማሂርና፡ ብዙሕ ርኢና ኢና። ናይ ኣቦይ ሳልሕ ጽውጽዋይ ኣሎ፡ ነዊሕ ዛንታ'ዩ፡ ግዜኹም ከጥፍኣልኩም ኣይደልን። ሰነፍ፡ ዋላ ሰይጣን ንገዛእ ርእሱ፡ ሰብ ተመሲሉ ኣብ መንገዲ ይጸንሓካ፡ ይዕድመካ ንዓ ሻሂ ወይ ቡን ንስተ ይብለካ። ካልእ ዘይኮነ ክቛየቘካ ምእንቲ። ከምቲ ካብ ኣቦይ ሳልሕ ቀደም ኣብ ዓዲ ሹማ ዝተማሃርናዮ "ኣይፋለይን ስራሕ ኣላትኒ፡ ስራሐይ ምስ ኣሳለጥኩ ክመጽኣካ'የ" ትብሎ እምበር፡ ኣብ መንገዲ፡ ብሰነፋት ተዓዲምካ ኣብ ቈይቍ ዘእቱ ምኽንያት የብልካን። ምድላዋት ይግበር ኣሎ ይበሃል። እንታይ'ዩ እቲ ዝግበር ዘሎ ምድላዋት፣ ንምንታይ፣ ንመጥቃዕቲ፣ በየን፣ መዓስ፣ ብፋኖታት ድዮም ክጅምሩ፣ ቅድም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣዊጆሞ ዘለዉ ኩናት ድዮም ክውድኡ፣ ብመንገዲ ሰመራ ድዮም ዋላ ብትግራይ ክመጽኡ፣ ብጎጃም፡ ብጐንደር፡ ብሸዋ፡ ብወሎ፣ በየናይ ከባቢታት እዮም ክመጽኡ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ህውተታ ግዜኻ ከተጥፍኣሉ እውን ዝግባእ ኣይኮነን። ምናልባት እንተ ደገምኩዋ ጽብቕቲ'ያ። ሰነፍ፡ ነዳይ፡ ፈራሕ፡ ስሱዕ፡ ከምዚ ዓይነት ሕማማት ዘለዎም ሰባት፡ ንህዝቢ ህውከት ክፈጥሩሉ፡ ሰላም ክዘርጉ፡ ክፍቀደሎም ኣይግባእን። ንሕና ኣብ ናታቶም ናይ ቈይቍ፡ ናይ ሓሶትን ምድንጋርን መኣዲ ክንዕደም የብልናን። ስራሕና ክንገብር ኣለና። ኩናት ተኣዊጁልና፡ ድሓን ምስ መጸ ንርእዮ። ኩናት እንተመጺኡ ናይ ምክልኻል መሰልና ንዝኾነ ወገን ንሓተሉ ኣይኮነን። ከምዚ ዝኣመሰለ ስንፍና ዝእዝዞ፡ ስስዐን ፍርሒን ዝደፍኦ ነዳይን ጠፋሽን ተዛሪቡ ኢልካ ክትዛረብ ግን ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ናትና ዜና እውን ክዛረበሉ ወይ ክጠቕሶ ዘይብሉ ጉዳይ'ዩ። ኩናት እንተሎ ምስ መጽአ ንርእዮ። ኩናት ንኣና ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። ኣብ ኮለጃት ከይድና ዝተማሃርናዮ ኣይኮነን፡ ብግብሪ ዝተማሃርናዮ፡ ታሪኽ'ውን ዝምስክሮ'ዩ። ብኸምዚ ዓይነት ጠልቀፍቀፍ ናይ ስድታት ድማ፡ ናብ ኩናት ኣይንዕደምን ኢና። ብዝተኻእለ መጠን ከምዚ ዝኣመሰለ ዘየድሊ ነገር

ከይመጽእ ግዴታና ኣልዒልና ንሰርሕ። ካብኡ ወጻኢ ግን ምስ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሃወተቱ ነዳያት ዘንዱ ምኽንያት የብልካን። ኩናት ኣዊጆም ኣለዉ፡ ሰራዊት፡ ኣጽዋር ይእክቡ ኣለዉ፡ ከምዚ ይገብሩ ኣለዉ ንዝበሃል፡ ደሓን ምስ መጽአ ቀሰይ ኢልና ንርእዮ። ሕጂ ካልእ ስራሕና ንገብር። ከምቲ ናይ ኣቦይ ሳልሕ፡ ስራሕ ኣለኒ ኢልካ መገድኻ ሒዝካ ምኻድ ጥራይ እዩ።



• *ክቡር ፕረዚደንት ሓደ ካብ ዓበይቲ ዲፕሎማሲያዊ ፍጻመታት ናይ ታሕሳስ 2025፡ ኣብ ስዑድያ ዝፈጸምካዮ ዑደትን ምስ ወራሲ ዓራትን ቀዳማይ ሚኒስተርን ኣሚር መሓመድቢን ሳልማን ኣብ ክልተኣውን ዞባውን ጉዳያት ዘካየድኩምዎ ምይይጥን እዩ። ኣቐዲምካ'ውን ኣብ ግብጺ ተመሳሳሊ ምብጻሕ ፈጺምካ ነይርካ። መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ምውሓስ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሃገራት ናይ'ዚ ዞባ ጥምረት ፈጢረን ጸጥታአን ባዕለን ክውሕሳ ዘቕረቦ እማመ ተቐባልነቱ እንታይ ይመስል፧*

ብዛዕባ'ዚ ውሁድ ርእይቶ ኣሎዶ፧ እዚ ዲፕሎማሲያዊ ዑደት እዚ'ኸ፡ ኣብ ቁጠባውን ልምዓታውን ምትሕብባር ክህልዎ ዝኽእል ኣበርክቶ ከመይ ትገልጾ፧ ካብ ቀደም ካብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚርና፡ ከም ቀዋሚ ሃገራዊ ፖሊሲ ዝሰራሕናሉ፡ ሓደ መትከል ኣሎ። ንሱ ከኣ ዞባዊ ርግኣት ዝብል እዩ። ምኽንያቱ፡ ዞባዊ ወይ ጎዶባዊ ርግኣት ኣብ ዘይብሉ፡ ንሕና በይንና ደሴት ኴንና ክንከይድ ኣየዋጽኣናን'ዩ፡ ኣይከውንን'ዩ። ስለዚ ዞባዊ ርግኣት ምፍጣር ሕርያ ኣይኮነን፡ ግዴታ'ዩ። ናትና ናይ በይንና ግዴታ ጥራይ ዘይኮነ ድማ ናይ ኩልና ኣብዚ ዞባ ዘለና ግዴታ'ዩ። ናይ ጎዶቦና ሰላምን ርግኣትን ምርግጋጽ ብዕቱብ ክንሰርሓሉ ይግብኣና'ዩ። ጎዶቦና (neighborhood) እንብሎ፡ ኣርባዕተ ኣቕምቲ ኣካላት ዘለዎ እዩ። ሓደ ተፋሰስ ኒል ወይ ናይል በይዝን ኮይኑ፡ ንግብጺ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ ዘጠቓልል'ዩ። ናቱ ጂኦ ስትራተጂያዊ ዳይናሚክስ ኣለዎ። እዚ ሓደ ኣካል ናይ ጎዶቦና ኮይኑ፡ ርግኣት ክረክብ ዘለዎ ከባቢ እዩ። እቲ ካልኣይ ቀርኒ ኣፍሪቃ'ዩ፡ ካብ ሶማል ጀሚርካ ክሳብ ሱዳን ዝሓቍፍ። ሳልሳይ ንቀይሕ ባሕርን ወሽመጥ ዓደንን ገማግም ሶማልያን ዘጠቓልል ማያት'ዩ። ጂኦ ስትራተጂያዊ ኣቃውማ ናይ'ዚ ከባቢ ሓደ ካብቲ ሓደ ፈሊኻ ትርእዮ ኣይኮነን።

እዚ ኣህጉራዊ መተሓላለፊ መንገዲ ማይ (ኢንተርናሽናል ወተርወይ) እዩ ኢልና ንበይኑ ንርእዮ ወይ ንገድፎ ኣይኮነን። ናቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ዳይናሚክስ ኣለዎ። እቲ ራብዓይ ወሸመጥ ዓረብ እዩ። እዚ ኣርባዕተ ኣካላት ዘለዎ ጎደቦ ብምልኣት ርግኣት ክረክብ ኣለዎ። ሓደ ረጊኡ፡ እቲ ሓደ ኣይረግአን ዝበሃለሉ ኩነት ክህሉ የብሉን። እዚ ጎደቦ'ዚ ብዞባዊ ስንፍና፡ ብቐንዱ ግን ብናይ ደገ ምትእትታው ኣብ ቀጻሊ ቅልውላው ዝጸንሐ እዩ። ሕጂ እውን ብዝኸፍአ መልክዑ ኣብ ቅልውላው ዝርከብ እዩ። ኣብ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሶማልያ፡ ኢትዮጵያ፡ የመን ዘሎ ኩነታት ንርእዮ ኣለና። ውዱቓት ሃገራት (ፈይልድ ስተይትስ) ዝበዝሓሉ እዩ። ናይ ቀይሕ ባሕሪ ጸጥታ ምውሓስ እናተባህለ ዝግበር ምትእትታዋት እውን ኣብ ቅድመና እንዕዘቦ ዘለና'ዩ። እዚ ኩነታት'ዚ ንገዛእ ርእሱ ዓቢ መለበሚ ክኾነና ዝግባእ እዩ። ንሰላም፡ ርግኣት፡ ምውህሃድን ጥምረትን ናይዚ ዞባ'ዚ ምስራሕ ናይ ወለንታ ጉዳይ ኣይኮነን፡ ሕርያ ኣይኮነን፡ ግድነት ክንሰርሓሉ ዘለና'ዩ። ንሕና ከየረጋጋእና ሰላም ኣሎ፡ ልምዓት ኣሎ፡ ቁጠባ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ኣብዚ ዞባ ዘሎ ዕቑር ጸጋታት መወዳእታ የብሉን። ምስ ኩሉ ዓይነት ጸጋታት ማለት ባህርያዊ ጸጋታቱ፡ ናይ ሰብ ጸጋታቱ፡ ናይ ጂኦግራፍ ጸጋታቱ ማእለያ ዘይብሉ ዓቕሚ ዘለዎ ዞባ እዩ። ስለዚ፡ ህዝብታት ናይ'ዚ ዞባ'ዚ ዘለዎም ገዚፍን ዕቑርን ጸጋታት ብግቡእ ተጠቒሞም፡ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ብዘላቕነት ከውሕሱ፡ ቅድም ርግኣት ከረጋግጹ ክኽእሉ ኣለዎም። ትም ኢልና ኣይኮንናን እዚ ኩሉ ጉዕዞ ተጓዒዝና። ነዊሕ ቃልሲ ኣካዪድና፡ እዚ ኩሉ መስዋእቲ ከፊልና። ዝኾነ ሕልና ዘለዎ ሰብ፡ ነዚ ኣብ ዞባናን ጎደቦናን ዘሎ ዘሕዝን ኩነታት ክቕብሎ ኣይክእልን እዩ። ተበሪሁዎ ጽቡቕ ኣለና ኢሉ ዝዛረብ ሰብ ክህሉ ኣይክእልን። እቲ ሓደ ጽቡቕ ይሃሉ፡ እቲ ሓደ ሕማቕ ይሃሉ ንኣይ ኣይምልከተንን ኢልካ ዝኽየድ ነገር ኣይኮነን። ናይ በይንኻ ርግኣት፡ ናይ በይንኻ ሰላም፡ ናይ በይንኻ ልምዓት ዝበሃል የለን። ልምዓት ተማላላኢ እዩ። ብጥምረት እተረጋግጸ እዩ። ነዚ ክትገብር ድማ ቅድም ቀዳድም ኣብ ሓደ መረዳእታ ክትበጽሕ ኣለካ። ንሕና ምስ ኩሎም ኣብዚ ዞባ'ዚ ዘለዉ መሻርኽትና ኣብ ሓደ መረዳእታ ክንበጽሕ ብኡ መሰረት ብሓባር ክንሰርሕ ኢና ንደሊ። ምስኣቶም እንኽተሎ ወይ እነካይዶ ጽምዶ ብቐንዱ ነዚ ዕላማ'ዚ ዘገልግል እዩ። ዝምድናና ወይ ጽምዶ ምስ ስዑድያ ሎሚ ዝጀመረ ኣይኮነን። ንነዊሕ ግዜ ዝኸደ እዩ። ስዑድያ ኣብዚ ጎደቦ'ዚ ናታ ቦታን ዓቢ እጃምን ኣለዋ። መን'ዩ ንስዑድያ ዝገዝእ ዘሎ ወይ ዝመርሕ ዘሎ ኣይኮነን እቲ ሕቶ። ወይ እንታይ ዓይነት መንግስቲ ኣሎ ኣይኮነን እቲ ጉዳይ። ስዑድያ ኣብዚ ከባቢ ናታ ጂኦስትራተጂያዊ ቦታን ኣገዳስነትን ኣለዋ። ስዑድያ ክትገብሮ ትኽእል ኣበርክቶ ብዝተፈላለየ መለክዒታት ኣብ ሰላምን ርግኣትን ናይዚ ጎደቦ ናቱ ዓቢ ሚዛን ኣለዎ። ስለዚ ስዑድያ በቲ ዘለዋ ዓቕሚ ኣብዚ ዕማም'ዚ ክትሳተፍ ክትክእል ኣለዋ። ግብጺ እውን ብተመሳሳሊ ኣበርክቶ ክህልዋ ክኽእል

ኣለዎ። ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሶማልያ፡ የመን ኮነ ካልኦት ኩላተን ኣብዚ ከባቢ ዘለዋ ሃገራት በብዓቕመን ሱታፌ ሃልዩወን ኣብ ምርግጋእን ሰላምን ናይ'ዚ ዞባ እጃመን ከበርክታ ክኽእላ ኣለወን። ነዚ ንምግባር፡ ፈለማ ሓደ ናይ ሓባር መረዳእታ ክህሉ ኣለዎ። በዚ ዕላማ'ዚ ማለት ናይ ሓባር መረዳእታ ንምፍጣር ከኣ ጽምዶና ምስ ኩሎም ወገናት ቀጻሊ'ዩ። ምስ ስዑድያ ዘሎ ክልተኣዊ ጽምዶ ዕላማኡ ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ ንምምጻእ'ዩ። ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ ክትመጽእ ድማ ምምኽኻር የድሊ። ናይ ሓባር መረዳእታ፡ ሓንሳብ ተራኺብና፡ ሓንሳብ ወረቐት ኣቕሪብና ኢልካ ዝመጽእ ኣይኮነን። ንሕና ዘየስተብሃልናሉ ንሳቶም ዘስተብህልሉ፡ ንሳቶም ዘየስተብሃልሉ ንሕና ዘስተብሃልናሉ ጉዳያት ክህሉ ስለ ዝኽእል፡ ብቐጻሊ እናተመኻኸርና ክንከይድ ክንክእል ኣለና። ንዑ ዘራያት ኩኑልና፡ ንዑ ሓግዙና፡ ወይ ንዑ ነዚ ጉዳይ ኣመዓራርዩልና፡ መፍትሒ ኣምጽኡልና፡ ለምኑልና፡ ገንዘብ ብዙሕ ኣለኩም እሞ ትኹቡልና ኣይኮነን እቲ ሕቶ። ከም ሓደ ዞባዊ ሓይሊ ግቡእ ኣበርክቶኹም ግበሩ፡ ንሕና ከኣ ብወገንና ግቡእ ኣበርክቶና ክንገብር እዩ ናትና መልእኽቲ።

እቲ ምምኽኻር ወይ ዲያሎግ ዝበሃል ቀጻሊ እዩ፡ ኣዕሪፉ እውን ኣይፈልጥን። ኣብዚ ርክባት'ዚ ዝለዓሉ ጉዳያት ሓደ፡ ክልተ ኢልካ ከከም ቀዳምነቶም ትሰርዖም እምበር፡ መወዳእታ ዘይብሎም ጉዳያት'ዮም። ኣብ ሶማል፡ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ የመን፡ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት፡ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ሃለዋት ሃገር ብሃገር ኮነ ብደረጃ ዞባ ክህሉ ዝግባእ ሰላምን ርግኣትን የገድሰና እዩ። ንዞባዊ ርግኣትን ልምዓትን ዕብየትን ክንሰርሕ እንተኼንና እሙንን ዘላቕን ዝኾነዝምድናታት ክንፈጥር ክንክእል ኣለና። ነዚ ከኣ ኣብ መስርሕ ኢና ከነማዕብሎን ክንኵስኵሶን እንኽእል። ሓንሳብ ኣብ ወረቐት ተሰማሚዕና ወይ ተፈራሪምና እነምጽኦ ጉዳይ ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ናይ ምምኽኻር መስርሕ ቀጻሊ እዩ ጸኒሑ። ብፍላይ መሓመድቢን ሰልማን ኣብ ዝመጽኣሉ ምስቲ ንሱ ዘልዓሎም ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ጉዳያት፡ ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ተኣሳሲሩ፡ ብደረጃ ዞባ ኣበርክቶ ክገብር ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ስርዓት ዝተፈልየ ዕድላት ስለዘለዎ፡ እቲ ምምኽኻር ብዝለዓለ ደረጃ ክንቕጽሎ ኣለና ኢልና ተበጊስና፡ ምስቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ መንግስታት ዝጸንሐ ዝምድናና ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ ደይቡ ኣሎ። ዝምድናና ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምድያቡ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ነቲ ብሓባር እንቕበሎን እንርድኦን ኣተሓሳስባ ኣብ ተግባር ከነውዕሎ ምእንቲ ናይ ሓባር ውጥን ክልህወና ክኽእል ኣለዎ። ኣርእስቲ ብኣርእስቲ። ንኣብነት ጉዳይ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ክንወስድ ንኽእል። ቀይሕ ባሕሪ ሓደ ዓቢ ኣካል ናይዚ ጎዶቦ እዩ። እንታይ ክመስል ክኽእል ኣለዎ፤ ንዝብል ብወገንና ንምውሓስ ጸጥታን ርግኣትን ቀይሕ ባሕሪ ብዝምልከት ቅድሚ ሕጂ ዘቕረብናዮ 12 ነጥቢታት ዝሓዘ እማመ ነይሩ። ናትና ርእይቶ ወይ ዝተፈልየ ሓሳብ እዩ ኢልና

እንጀሃረሉ ኣይኮነን። ስቕ ኢሉ ካብ ሓንጎልና ዝመንጨወ ዘይኮነ ንወድዓዊ ገምጋም ናይቲ ኣብዚ ከባቢ እንዕዘቦ ዘለና ኩነታት መሰረት ዝገበረ እዩ። ቀይሕ ባሕሪ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነቱ ልዑል እዩ። ግን ከአ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ኣለዎ ተባሂሉ ኣራግጽ ዝበዝሖ ክኸውን የብሉን። ዝኾነ ዝመስሎ፡ ኣብዚ መጺኡ መዓስከራት ወይ በይዝ ክገብር እናርኣና ትም ኢልና ዓይንና ዓሚትና ክንከይድ ግቡእ ኣይኮነን። ርግጽ'ዩ፡ ነፍሲ ወከፍ መንግስቲ፡ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ልኡላዊ ውሳነ ኣለዎ። ዝኾነ መንግስቲ ናይ ደገ ዘራይ ኣምጺኡ ኣብ መሬቱ መዓስከር ክገብር ይኽእል'ዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ብዞባ ደረጃ ኣመታቱን ሳዕቤናቱን እንታይ'ዩ፤ በብወገንካ ከምኡ ምግባር'ከ፡ የወጻጽኣና ድዩ፤ እንተድኣ ኢልና፡ ፍጹም ዘዋጽእ ኣይኮነን። ሶማል 3300 ኪሎ ሜትር ገማግም ባሕሪ ኣለዋ። ብግብሪ እዚ ገማግም'ዚ ብዘይካ ሶማላውያን ካልእ ክሕልዎን ጸጥታኡ ከውሕስን ዝኽእል ሓይሊ ኣብ ዓለምና የለን፡ ክህሉ እውን ኣይክእልን። ኣብቲ ከባቢ ዘሎ እምንን ዕንጨይትን ማይን ዝፈልጥ፡ ወዲ ሶማል'ዩ።  ሶማል ከም ሃገር ልኡላዊ ትካላት ምክልኻልን ጸጥታን እንተ ሃልዩዎ፡ ገማግም ባሕሩ፡ ክሊ ኣየሩ፡ መሬቱ ክከላኸል ዝኽእል ባዕሉ'ዩ። ከምኡ ክግበር ድማ ናብኡ ዘብቅዕ ኩነታት ክፍጠረሉ ኣለዎ። ወይ ብናቱ ጸጋታት ክገብሮ ይኽእል፡ ወይ ብምትሕግጋዝ ምስ ካልኦት ክገብሮ ይኽእል። ካብኡ ንላዕሊ ግን ነዚ ገማግም'ዚ ክቆጻጸር ዝኽእል ዝኾነ ሓይሊ ክህሉ ኣይክእልን። ሓያላን ናይ ዓለም ኣለዉ'ሞ መጺኦም ነዚ ከባቢ ከርግኡዎ፡ ናይ ዞባ ሓይልታት ኣለዉ ከርግኡዎ እዮም ኢልካ ዝኾነን ዘይኮነን ኣተሓሳስባታት ከነምጽእ የብልናን። ጅቡቲ ናይ ገዛእ ርእሳ ዓቕሚ ክህልዋ ኣለዎ፡ ኤርትራ ናታ ዓቕሚ ክህልዋ ኣለዎ። ሱዳን፡ የመን፡ ዖማን፡ ስዑድያ ነናተን ዓቕሚ ክህልወን ኣለዎ። ማየንን መሬተንን ኣየርን ባዕላተን ጸጥታኡ ከውሕሳ ክኽእላ ኣለወን። ሓቂ እዩ፡ ዓቕሚ ይሓትት እዩ። ጸጋታት ይሓትት'ዩ። ንነፍሲ ወከፍ ግን ናይ ገዛእ ርእሱ ዓቕሚ ክፈጥር ዕድል ክወሃቦ ክኽእል ኣለዎ። ኣኽኣሊ (Enabling) ዝኾነ ዕድል ክፍጠረሉ ክኽእል ኣለዎ። እዚ መሰረታዊ'ዩ። ነዚ ሓቂ'ዚ ሰጊርካ ብዘራያት መሬትካ ክትሕሉ፡ ገማግም ባሕርኻ፡ ኣየርካ ጸጥታኡ ከተውሕስ ዝበሃል ነገር ኣብ ሓሳብና እውን ክህሉ የብሉን። ካብኡ ዝበለጸ ኣተሓሳስባ ወይ ኣማራጺ ከምጽእ ዝኽእል ሰብ እንተሎ ሓሳቡ ክንሰምዕ ንኽእል ኢና። እዚ ኣይኣክልን'ዩ። እዚ ቦታ'ዚ ኣህጉራዊ መንገዲ ማይ ስለዝኾነ፡ በበይንና ክነውሕሶ ኣይንኽእልን ኢና፡ እንተተባሂሉ፡ ኣብ ካልኣይ ጽፍሒ ክብ ክንብል ንኽእል። ናይ ኩለን ሃገራት እዚ ከባቢ ስምምዕ ይህሉ፥ ጥምረት ፈጢረን ብሓባር ነዚ ኣህጉራዊ መንገዲ ማይ ከውሕስኦ ምእንቲ፡ ናተን ናይ ገዛእ ርእሰን ናይ ምክልኻል ብቕዓት፡ ልኡላዊ ትካላት ከሐይላ ጥራይ ዘይኮነ፡ ድምር ናይ ትካላተን ነቲ ሓይለን እውን ስለ ዘራብሕ፡ ኣብ ካልኣይ ጽፍሒ በዚ መገዲ'ዚ ክሰርሓ ይኽእላ። የለን፡ ኣይፋሉን እዚ ክልተ

ጽፍሕታት'ውን ኣይኣክልን'ዩ፡ ዓቕሚ የብልኩምን፡ እዝን እዝን ኩነታት ኣሎ እሞ፡ ልዕሊ ዓቕምኹም እዩ፡ ንሕና እውን ምትእትታው ክንገብር ኣለና፡ እንተ ተባሂልና ሓሳባቶም ክንሰምዕ ንኽእል። ኣድላዪ እንተኾይኑ ከኣ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ፡ ባይቶ ጸጥታ ይኹን ካልኦት ኣህጉራዊ ውድባት ብዝተሰማምዓሉ መሰረት፡ ተወሳኺ ካልእ መካኒዝም ምፍጣር ይከኣል። ቅድሚ ዝኣገረ ግን ባይታና ኣደልዲልና፡ ናይ ሓባር ጥምረት ፈጢርና ከባቢና ባዕልና ከነውስሖ ኣለና። ንናትና ሰላምን ርግኣትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ዓለም መተሓላለፊ ማይ'ውን ስለ ዝኾነ፡ ውሕስነቱ ኣብ ምርግጋጽ ብቀዳምነት ሓላፍነት ክንስከም ዘለና ንሕና ኢና። ኣብዚ ቦታ'ዚ፡ ዘይሕጋዊ ንግድ፡ ኮትሮባንዶ ናይ ሓሸሽ፡ ዝተፈላለየ ካልኦት ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ክካየዱ ከነፍቅድ የብልናን። ኣብ መመሬትና ነናይ ገዛእ ርእስና ልኡላዊ ስርዓትን ዓቕሚን ስለ ዘለና፡ በዚ ዕላማ'ዚ ክንሰርሕ ኣለና። በይንና ክንገብሮ ኣይንኽእል ኢና ኣብ ዝበሃለሉ ከኣ፡ ሓቢርና ንሰርሓሉ፡ ንተሓጋገዘሉ። ኣይከኣልን'ዩ እንተ ተባህለ'ውን ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ሳልሳይ ምርጫ ኣሎ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓሳባት ናትና ጥራይ ድዮም እንተድኣ ኢልና፡ ናትና ጥራይ ኣይኮኑን። ናይ ኩላትና ሓሳብ'ዮም። ኣብ መወዳእታ ከኣ ነቲ ዞባዊ ወይ ጎዶቦኣዊ ርግኣት እንብሎ፡ ቀንዲ ዋሕሱ ንሱ'ዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ልኡላዊ ሃገር ዘይሕጋዊ ምንቅስቓሳት እንተሎ፡ መዕገቲ ክግበረሉ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ዝምልከቶ ልኡላዊ ስርዓት ናቱ ሓላፍነት ክስከም ኣለዎ። ኣይፋሉን'ከ ብሓባር። ሽበራዊ ምንቅስቓሳት ኣሎ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ብዓለም ደረጃ ዝኸይድ ናይ ሽርሒ ምንቅስቓሳት ኣሎ'ሞ፡ ንኡ ክንምክቶ እንተ ተባሂሉ ተሓጋጊዝና ንሰርሕ። ዘይንተሓጋገዘሉ ምኽንያት የለን። ንኹልና እሙን ባይታን እሙን ሃዋሁውን ዝፈጥረልና እዩ። ድሕሪኡ ልምዓት ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ናይ ትሕተ ቅርጺ፡ ቍጠባ፡ ወፍሪ ምትሕግጋዛት መደባትና ብውሑስን ዘላቒን መገዲ ከነተግብር ንኽእል። ዝተፈላለየ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መደባት'ውን ከነወሃህድ ንኽእል። እዚ ክንገብር ግን ምስ መሻርኽትና ብቐጻሊ ክንመኻኸረሉ ዘለና እዩ። ኣብቲ ምምኽኻር ከይተላዕለ ዝተርፍ ኣርእስቲ የለን። ካብኡ ናብኡ ግን ገሊኦም እዋናውያን ጉዳያት ስለዝኾኑ፡ ቀዳምነት እንህቦም ኣለዉ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኣብ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሶማል፡ የመን፡ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዘሎ ኩነታት፡ ኣብ ርግኣት ናይዚ ከባቢ ዘውርዶ ዘሎ ሃሰያ ካብ ዝኾነ ሰብ ዝተሰወረ ኣይኮነን። ናይ ደገ ምትእትታዋት ዘምጽኦ ዘሎ ጸገም'ውን ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ኩላትና ክንነቕሓሉ ዘለና እዩ። ነቲ እንደልዮ ርግኣት ንምምጻእ ከኣ ኩላትና እጃምና ነበርክተሉ። ግብጽን ስዑድያን ኣበርክቶ ክገብራ ይኽእላ እየን። ናትና ዓቕሚ ኣጋኒንና ንርእዮ እኳ እንተዘይኮንና፡ ብዓቕምና ክንገብሮ ንኽእል ኣበርክቶ ኣሎ። ንሓዋሩ ናብ ገዚፍ ናይ ልምዓት መደባት ከምርሓና ዝኽእል ጕደና

ንምጽራግ እምበኣር ቅድም ቀዳድም ኣረኣእያታትና ከነቀራርብ ኣለና። ብመትከል ምስምማዕ ጥራይ ዘይኮነ ድማ፡ ብግብሪ ንኡ ዘሰርሕ ውጥናት ኣብ ባይታ ኮፍ ኣቢልና በብዓቕምና እጃምና ከነበርክተሉ ኣለና። ጽላት ብጽላት እናተመኻኸርና ንሰርሓሉ። ንግዳዊ ዝምድናታትና ከመይ ክኸውን ኣለዎ፧ እንታይ ክንሸይጥ ንኽእል፡ ዘለናን ዘለኩምን እናተባህለ ክሰርሓሉ ይኽእል። ብኸምዚ ድማ ናይ ቁጠባ ሓይልና፡ ኣፍራይነትና፡ ሰደድና፡ እትዋትና፡ ምህርትና እናዕበና ንኸይድ። ንካልእ ዓለም እውን ክንጽንብር ንኽእል። ቅድሚ ዝኣገረ ግን ንርግኣትና ዝሕግዝ ሓሳባት እናምጽኣና፡ ንኡ መሰረት ገይርና ብምትሕብባር ሰላምን ርግኣትን ከባቢና ከነውሕስ ኣለና። እዚ ምስ መሓመድ ቢን ሳልማን ብቀጻሊ ንዛረበሉ እዩ። ምናልባት ሓንሳእ ሓንሳእ ካልእ ጉዳያት ስለዝመጠና ዘሎ ናይ ምምኽኻር ዕድላትና ብግዜ ይነውሕ ይኸውን። ብዝተኻእለ መጠን ግን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ እናተራኸብካ ምምኽኻር ጽቡቕ እዩ። ኣብ ክንዲ ኣብ ሓፈሻዊ ኣርእስቲ ዝኸውን ከኣ፡ ኣብ ጭቡጣት መደባት ንዛረብ። ነዚ ጉዳይ'ዚ ክዘርጉ ዝደልዩ ኢዶም ዘእትዉ ናይ ደገ ሓይልታት ኩሉ ሳዕ ኣለዉ። ዝምድናና ብግቡእ ከይምዕብል ምእንቲ መሐሸከሪ ምስምሳት ዘምጽኡ ኣለዉ።ብግብሪ ንርእዮ ዘለና እዩ። ኣብ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማል፡ የመን ዝግበር ዘሎ ምትእትታዋት፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝግበር ዘሎ ምትእትታዋት ግሁድ እዩ። ነዞም ጉዳያት እዚኣቶም ክንኣልዮም ክንክእል ኣለና። ባህ ኢሉኒ ባህ ኣይበለንን፡ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ክገብሮ እየ ዘይኮነ ቀጻሊ ክንመኻኸረሉ ዘለና እዩ። ክንሰርሓሉ እንኽእል ውጥናት ከኣ እናራቐቕና ንኸይድ። ርግኣት፡ ሰላም፡ ክበሃል ከሎ ቅድሚ ኩነት እምበር ንገዛእ ርእሱ ዕላማ ወይ ሸቶ ኣይኮነን። ልምዓት፡ ራህዋን ዘላቒ ዕብየትን ንምምጻእ ዘድሊ ቅድመ ኩነት እዩ። ሰላምን ርግኣትን ኣረጋጊጽና ዶባትና፡ ማያትና፡ መሬትና ብብቕዓት ክንሕሉ እንተኽኢልና፡ ንሓዋሩ ንልምዓት ውሑስ ሃዋህውን ባይታን ዝፈጥር እዩ። ኣብ ክንዲ በበይንኻ ከኣ፡ ምሕቡር ዓቕሚ ኣራባሒ ሓይሊ ኣለዎ። ምስ ካልእ ዓለም ክትራኸብን ክትተሓጋገዝን እውን ዝበለጸ ዕድል ይፈጥረልካ። እዚ ምስጢር ኣይኮነን ብቀጻሊ ክንዘራረበሉ ዝጸንሓና እዩ። ምስ ግብጽን ስዑድያን እንዛረበሎም ጉዳያት ዝጸንሓና ጽምዶታት ነዚ ዕላማ'ዚ ዘገልግል እዩ። ናትና ፍሉይ ኣጀንዳ ኣለና፡ እዚን እትን ክንገብር ኢና ዝብል ኣብ ሓንጎልና ኣእቲናዮ እውን ኣይንፈልጥን። ብዛዕባ ሱዳን ዘለና ተገዳስነት ሓድሽ ኣይኮነን። ናይ በይንና ኣጠማምታ እውን ኣይኮነን። እዘን መመጺኣን ሓዊ እናወልዓ ነዳዲ ዝኽዕዋሉ ዘለዋ ናይ ደገ ኣእዳው መአደቢ ክንገብረለን ኣለና። ዋላ እቲ ኣቐዲሙ ክጥቀስ ዝጸንሐ ናይ ሱዳን ሽግራት ንምፍታሕ ዝዓለመ ተበግሶታት ይሃሉ፡ ንሕና ከም ሓደ ጎዶቦ ሽግራትና ባዕልና ክንፈትሕ ስለንኽእል፡ ናይ ሱዳን ኩነታት ሓደ ብሓደ መደባት ኣውጺእና ንስርሓሉ ጉዳይ እዩ። ኣብዚ

ንፈላለየሉ ወይ ንረሓሓቐሉ ኣርእስቲ የለን። ናይ ካልኦት ምትእትታው ናይ ኣጠማምታን ተበግሶታትን ፍልልይ ከምጽእ ጸኒሑ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ስዑድያን ግብጽን ካልኦት ኣብዚ ከባቢ ዘለዉን ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ካብቲ ክዉንነት ወጻኢ እንሓስበሉ መደብ ስለዘይጸንሐ፡ ጽቡቕ ንኸይድ ኣለና ክንብል ንኽእል። ከምዚ ክብሃል እንከሎ ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት ጥምረት ምፍጣር፡ ብባህጊ፡ ብድሌት ጥራይ ዝመጽእ ኣይኮነን። መስዋእቲ ዝሓትት'ዩ፡ ግዜ ዝሓትት'ዩ፡ ቀሊል ዓቕብ ኣይኮነን። ኣድካሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ነዚ ክትገብር ዝኾነ ድንብርጽ ዝብለካ ነገር ክህሉ የብሉን። ምኽንያቱ ኣብኡ ዝኣቱ ዘሎ ኣእዳው፡ ዝጠፍእ ዘሎ ገንዘብ፡ ዝግበር ዘሎ ውዲታት መወዳእታ የብሉን። ማዕረኡ ኬንካ ክትምክት ምእንቲ፡ ናይ ምትሕብባር ናይ ጥምረት ዓቕምኻ ከተደልድሎ ኣለካ። እዞም ኢዶም ዘእትዉ ዘለዉ ሓይልታት መንዮም፡ ከመይ ገይሮም እዮም ዝኣትዉ ዘለዉ፡ ንምንታይ ዕላማ ንገዛእ ርእሱ ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ኣብ መወዳእታ ናትካ ናይ በይንኻ ባህጊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሕቡር ባህጊ ገይርካ ክትሰርሓሉ ስለ ዘለካ፡ ቀጻሊ ምምኽኻር ቀጻሊ መደባት ምስራዕን ምምዕርራይን ምምሕያሽን የድሊ። እዚ ትማሊ ዝገበርናዮ ዑደት መቐጸልታ ናይቲ ነዊሕ ጉዕዞ እዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ 14 ዓመታት ዘካየድናዮ ቀጻሊ ምምኽኻር ድማ፡ ሎሚ ፍረኡ ብግብሪ ንርእዮ ኣለና። ሕጂ ናይ ሓባር መረዳእታ፡ ናይ ሓባር ኣጠማምታ ኣሎና። ኩልና ድማ ዓቕምና እጃምና ነበርክትኣለና። ግን ኣኻሊ ኣይኮነን። ገና ጉዕዞ ኣሎና፡ ብድሆታት ኣሎና፡ ክንከዶ ኢና። እዚ ናይ ቀረባ እዋን ዑደት ኣብ መወዳእታ ናይ 2025 ስለ ዝነበረ፡ ኣብ 2026 እንታይ ክግበር ከም ዝከኣል ሓፈሻዊ መረዳእታ ወሲድና ኣለና። ንኡ ዘድሊ ምድላዋት ገይርና፡ ኣብ 2026 ክንውድኦም ዘለና፡ ምስ ዞባዊ ርግኣት ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ኣለዉ። ኣይከጸግሙናን እዮም ኣብ ዝብል መደምደምታ ድማ በጺሕና ኣሎና።

• *ክቡር ፕረዚደንት፡ ናብ ዘቤታዊ ጉዳያት ክንሰግር። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ቀዳምነትና ልምዓት ምዃኑ ደጋጊምካ እትገልጾ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ቃለ መጠይቕ፡ ሃገራዊ መደባት ልምዓት በብጽላቱ ኣድማዕነቱ ንምሕያል ኣብ 2026 ኣብ ሽዱሽተ ዞባታት ዝተኸፋፈለ፡ ሰፊሕን ውዱብን ሱታፌ ህዝቢ ኣበርክቶ ዝገብረሉ መደባት ተታሒዙ ከም ዘሎ ገሊጽካ ነይርካ። ንትግባረኡ ብዝምልከት እንታይ መብርሂ ትህበና፧*



ከምቲ ኣቐዲመ ክጠቕሶ ዝጸናሕኩ ልምዓት ቅድመ ኩነት ኣለዎ። ቅድመ ኩነቱ ሰላምን ርግኣትን እዩ። ንሰላምን ርግኣትን ኣብ ሓርነታዊ ቃልስና ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ ቀሊል ኣይነበረን። ብዛዕባ ልምዓት ክንዛረብ ቅድም ናጽነትና ከነረጋግጽ የድልየና ነይሩ። ኣብ ግዜ ቃልሲ እውን እንተኾነ ናይ ልምዓት ስርሓት ኣይተወንዘፈን። ቀዳምነት ዝስራዕ ዕማም ግን ነቲ ዝነበረ ናይ መግዛእቲ ኩነታት ምእላይ እዩ ነይሩ። መስዋእቲ ከፊልና ናጽነት ኣምጺእና። ናጽነት ግን ቀሊል ኣይኮነን። ናጽነት ካብ ሓርነታዊ ቃልሲ ይኸብድ። ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ እተን ሕርያታት ውሑዳትን ቀለልቲን እየን። ንኣታተን ክትሰርሓለን ዘጸግም ነገር ኣይኮነን። ሃገር ምህናጽ ብግዜ፡ ብንዋት፡ ብጸጋታት፡ ብዝተፈላለየ ካልእ ረቛሒታት ቀሊል ኣይኮነን። ብሕልፊ ኣብዚ እንነብሮ ዘለና ተሃዋሲ ኣከባቢ ወይ ዞባ ቀሊል ብድሆ ኣይኮነን። ንሕና ውሽጣዊ ርግኣት ኣሎና፡ ኣብ ህንጸት ሃገር ካብ ካልኦት ብተዛማዲ ዝሓሸ ቦታ ኣሎና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ንኸውን። ግን ብእኡ ቀሲንና ኩሉ ነገር ከነቃልሎ ኣይንኽእልን ኢና። ዘለና ሰላምን ርግኣትን ብዘላቕነት ከነውሕሶ ምእንቲ፡ ምስ ከባቢና ብምውህሃድን ጥምረት ብምፍጣርን ክንሰርሕ ንግደድ ኢና። እዚ እናገበርና ግን እቲ ዝዓበየ ኣተኩሮና ኩሉ ሳዕ ኣብ ልምዓት ክኸውን ኣለዎ። ናይ ልምዓት መኸተና ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ፍጹም ዘ ይ ው ን ዘ ፍ እዩ። በዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገም ኣሎ፡ በዚ ኲናት ኣሎ፡ ኣበይ ከ ነ ረ ኻ ኽ በ ሉ ፡ ኣይጥዕመናን'ዩ ኢልና እነወንዝፎ ጉዳይ ኣይኮነን። በቲ ዓለማዊ፡ ዞባዊ ዝበሃል ኩነታት ተጨቢጥና ወይ ብኡ ተቐይድና ካብ ናይ ልምዓት መደባትና ኣይንበኵርን ኢና። 'ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል ዕርፊ ኣጽንዕ' እዩ ኣብ መወዳእታ። ልምዓት መተካእታ የብሉን። ንጽባሕ ይጽንሓለይ ኢልካ ትገድፎ ኣይኮነን። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ኩነታት፡ ካብ ስራሕ ከይበኰርና ብቐጻሊ ዓቕምን ብቕዓትን እናደለብና ክንከይድ ክንክእል ኣለና። ብዘይ ከምኡ ነቲ ብድሆታት እንብሎ ክንሰግሮ ኣይንኽእልን ኢና። ርግጽ'ዩ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መድረኽ ቀዳምነታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። እቶም ቀዳምነታት ገሊኦም ምስቲ ኩነታት ክገላበጡ ክቀያየሩ ይኽእሉ ይኾኑ። ግን ኩሎም ናይ ልምዓት መደባት ዝውንዘፉ ኣይኮኑን። ትሕተ ቅርጺ ካብ 2025 ናብ 2026 ንሰጋገረሉ ዘለና መድረኽ ናቱ

ፍሉይ ባህርያት ኣለዎ። ናይዚ መድረኽ'ዚ ቀዳምነታትና ከኣ ቅድም ቀዳድም ኣብ ትሕተ ቅርጺ እዩ። ዓበይቲ ናይ ትሕቲ ቅርጺ ማለት ህንጸት ጽርግያታትን ካልእን ውጥናት ኣምጺእና ክንሰርሕ ጸኒሕና ኢና። ብዙሕ ዓሚምና ክንከውን ንኽእል ግን፡ ከምቲ ንደልዮ ኣይኮነን። ጽርግያታትና ሓባጥ ጎባጦም፡ ዓቐበ ቁልቁሎም፡ ምጽባቦም፡ ዝተፈላለየ ኣሉታዊ ጎድኒታቶም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክመሓየሹን ናብ ዝበለጸ ደረጃ ክሰጋገሩን ዘለዎም እዮም። ጽርግያ ኣብ ልምዓታውን ቁጠባውን ዕብየት ዝህልዎ ግደ ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ትሕተ ቅርጺ ናይ ምምሕያሽ መደባት፡ ንብዙሕ ካልእ መደባት እውን ከጻፍፈልና ምእንቲ፡ ናይዚ መድረኽ'ዚ ዝዓበየ ቀዳምነትና እዩ። ቅድሚ ሕጂ ዝሰራሕናዮ፡ ክንሰርሖ መዲብና ዘይሰራሕናዮ ኩሉ ከም ብሓድሽ ከሊስና፡ ዘድልየና ጸጋታት ኣኾሳኺስና ኣብዚ ዓመት'ዚ ምምሕያሽ ትሕተቕርጺ ቀዳምነት ሰሪዕና ክንሰርሓሉ ኢና። ዘቤታዊ ጽርግያታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ ጎረባብትና ዘራኽበና ጽርግያታት'ውን ከነማዕብሎ ኣለና። ዛጊት ሰሪሕናዮም ዘለና ክንንየተሎም የብልናን። ካብኡ ንላዕሊ ዓበይቲ ስርሓት ክንሰርሕ ንኽእል ኢና። ከከም ኣገዳስነት ናይቲ ጽርግያታት ብዓይነት፡ ብስፍሓት፡ ምምሕያሾም ኣብዚ ዓመት'ዚ ቀዳምነት ሂብናዮ ዘለና ዕማም እዩ። ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ሓመድ ጽርግያታት'ውን ኣሳልጦ ኣብ ምፍጣር ኣገደስቲ እዮም። ብፍላይ ነቶም ኣብ ዝተዋሰነ ከባቢታት ዘለዉ ዜጋታትና ዕድል ስለ ዝፈጥር ብኡ መንጽር ጠሚትና እንሰርሓሉ እዩ።

ዛጊት ተጠርዩ ዘሎ ብቕዓትን ኣወዳድባን፡ ናይ ማሺነሪ ኢኩፕመንት፡ ማተርያል ዓቕሚ፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ብዝሓየለን ብዝሰለጠን መልክዕ፡ ነዚ ዕላማታት እዚ ክሰርሕ ኣለዎ ተባሂሉ ዝወጸ ኣብ 2026 ዝትግበር ዝርዝር መደባት ናይ ትሕተ-ቅርጺ ኣሎ። ንኡ ዝኸውን ጸጋታት ስሚንቶ፡ ቴንዲኖ፡ ዓበይቲን ንኣሽቱን ማሺነሪታት፡ መካይን፡ ኣብ ኢድና ዘሎን ካልእን ኣኾሳኺስና፡ ዘለና ጉልበት ብዝበለጸ ኣወዳድባ ኣዋፊርና፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ከነተግብሮ ተበጊስናሉ ዘለና እዩ። ልምዓት ማይ ድሕሪ ትሕተ ቅርጺ ዝመጽእ ማይ እዩ። ማይ ቅድም እውን ክስራዕ ዝግብኦ እዩ። ወሳንነት ማይ - ንዝስተ፡ ንጽሬት ንሕርሻ ድዩ ንኢንዱስትሪ ርዱእ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ቅድሚ ኩሉ ሰሪዕና ክንሰርሓሉ ዝጸናሕና እዩ። እቲ ዝተሰርሐ ግን እኹል ስለዘይኮነ፡ ናይ ማይ መደባትና እውን ምስ ቀዳምነታት ተሰሪዑ ብቐጻሊ ክሰላሰል ዘለዎ እዩ። ካብቲ ዛጊት ሰሪሕናዮ ዘለና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክድይብ ክኽእል ኣለዎ። ምስ ዘሎ ምዕባለታት ናይ ቴክኖሎጂ፡ ኣብኡ ከነተኣታትዎ ዘለና ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ናይ ማይ ልምዓት መደባት ክበሃል እንከሎ፡ እቲ ዝዓበየ ስራሕ ፍወሳ ማይ ክዖታት እዩ - ካችመንት ትሪትመንት። ምዕቃብ ማይን ሓመድን እንብሎ

ዕማም። እዚ ዕማም'ዚ ብስነ ፍልጠታዊ መንገዲ፡ ብጂኣይኤስ ጽቡቕ መጽናዕቲ ተኻይዱሉ፡ ኣብ ኩሉ ስንጭሮ፡ መንቀራቕሮ፡ ጸድፊ፡ ጎልጎል፡ ከትሪ፡ ዛላ፡ መትረብ፡ ራህያ፡ ንኣሽቱ፡ ማእከሎት ዓበይቲ ዲጋታት እናሰራሕካ፡ ማዕረ ማዕረኡ ሃብቲ ገረብ እና'ሰሰንካ፡ ዋሕዚ ማይ እንቈጻጸረሉ ኩነታት ክንፈጥር ኣለና። ኣብ ትግባረኡ ድማ፡ እዝን እትን ብልጫታት ክህበና ይኽእል እዩ እናተባህለ ብቐዳምነታት ይስራዕ። ዓበይቲ ከዘንቲ ማይ ትሕተ-ቅርጺታት ምስራሕ ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። በዚ ክገልጾ ዝጸናሕኩ ሰፊሕ ናይ ማይ-ክያ ፍወሳ ስራሓት ክስነ ክኽእል ኣለዎ። መደባት ምግራብ እውን ምስኡ ዝኸይድ እዩ። በዚ መገዲ'ዚ ናይ ማይ ምቍጽጻር ዓቕምና ክሕይል ይኽእል። ማዕረ ማዕረኡ ከኣ እንጥቀመሉ ቴክኖሎጂ እናማዕበለ ክኸይድ ኣለዎ። ዝዓቈርናዮ ማይ ኣብ ኣጠቓቕማኡ ዝበለጸ ቴክኖሎጂ ኣታኣታቲና፡ ብዝለዓለ ናይ ምቍጽጻር ኣገባባት፡ ኣድማዕነቱ፡ ኣፍራይነቱ ከም ዝዓቢ ክንገብር ኣለና። ኣብ ምብጽጻሕ ማይ ዘገልግል መትረባት፡ ሻምብቆታት፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኣብ ዝበለጸ ደረጃ ከነብጽሖ ኣለና። ኣብዚ ዕማም'ዚ ቅድም ቀዳድም፡ ነቲ ተዋሲኑ ዘሎ ክፍሊ ሕብረተሰብና፡ ጽሩይ ማይ ንሎረሮኡ፡ ንጽሬት፡ ንሕርሻ፡ ንጥሪት ከነቕርበሉ ክንክእል ኣለና። ካብ ዒላ ድዩ፡ ካብ ወሓይዝ፡ ብኸመይ ከከም ኩነታቱ። እንተላይ ካብ ባሕሪ ጨው እናጻረና፡ ጽሩይ ማይ እነቕርበሉ ኩነታት ክንፈጥር ኣለና። እዚ ኣካል ናይቲ ብደረጃ ሃገር ዘለና ገፊሕ ናይ ማይ ልምዓት ስትራተጂ እዩ። ሓድሽ ምህዞ የብሉን። ቅድሚ ሕጂ እውን ክዝረበሉን ክስርሓሉን ዝጸንሐ እዩ። ምኽንያቱ ማይ ከይሓዝካ ዝዝረብ ናይ ልምዓት ኣርእስቲ ክህሉ ኣይክእልን። ስለዚ ን2026 ኣብ መደባት ምስሳን ሃብቲ ማይን ፍወሳ ማይ ክያታትን፡ ኣብ መከፋፈልን መበጻጽሕን፡ ኣብ ቴክኖሎጂዊ እታው፡ እዚኦን እዚኦን ክንገብር ኣለና ተባሂሉ ዝተታሕዘ መደብ ኣሎ። ምስቲ ንሓዋሩ ክንሰርሖ ዘለና፡ እዚ ናይ 2026 ሓደ ንእሽቶ ክፋል ናይቲ ገፊሕ ስትራተጂና'ዩ።
ጸዓት



ድሕሪ ማይ ዝመጽእ፡ ጸዓት ወይ ኤለትሪክ እዩ። ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ኣብቲ መጀመርታ ብሕርጊጎ ፈሊሙ፡ እንተኾነ ብዘዕግብ መንገዲ ኣይማዕበለን ጥራይ ዘይኮነ፡ ተዳኺሙ እዩ ጸኒሑ። ንዘቤታዊ ኣገልግሎት ድዩ፡ ንኢንዱስትሪ፡ ንሕርሻን ካልኦት ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት መደባትን እኹልን ብቑዕን ኣገልግሎት ኤለትሪክ ኣይጸንሐን። ዛጊት ኣካይድናዮ ዘለና ስራሕ ምጽግጋን ጥራይ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመታት ግን ሓደ ጥሙር ማስተር ፕላን ክህልወና ኣለዎ ተባሂሉ ክስርሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። ሓደ ሃገራዊ መርበብ ወይ ግሪድ ክንገብር ኣየዋጻጽኣናን እዩ፥ ናብ ኩሉ ከባቢታት ናይዛ ሃገር ዝባጻሕ ናይ ኤለትሪክ ኣገልግሎት ኣብ ክንዲ ምግባር፡ ኣብ ንኡስ ርባባት (ሚኒ ግሪድስ) ዝተኸፋፈለ ስርዓት ክህልወና ኣለዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ከባቢ ናቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ብቑዕ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ ተባሂሉ፡ ብኡ መሰረት ኣብ መስርሕ ዘሎ መደባት ኣሎ። ብደረጃ ሃገር 12 ንኡስ ርባባት ክም መበገሲ ክህልወና እዩ - እቲ መደብ። እዘን ሚኒ ግሪድስ ርእሰን ዝኸኣላ መመንጨዊ ትካላት እየን። ምምንጫው ጸዓት ወይ ኤለትሪክ ግን ብኸመይ መንገዲ፧ ዝተፈላለየ ተኽእሎታት ኣሎ። ረስናዊ ወይ ተርማል ዝበሃል ኣሎ - ብጀነረተራት ገይርካ ነዳዲ እናህለኽካ እትፈጥሮ። ንሱ ግን ንሓዋሩ ኣየዋጻጽኣናን እዩ። ወጻኢታት ዘውሕደልና፡ ዘላቒን ኣድማዒን ኣገልግሎት ኤለትሪክ ክንገብር ዘኽእለና ካልእ መመንጨዊ ዕድላት ክንርኢ የድልየና። ተሓዳሲ (ረኒዋብል) ዝበሃል ምስ ግዜ እናማዕበለ መጺኡ ኣሎ። ስለዚ ነቲ ረስናዊ መተካእታ ክኸውን ዝኽእል እተዳቐለ መመንጨዊታት ክንጥቀም ኣለና። ሓደ እቲ ጸሓያዊ እዩ፥ ንፋሳዊ እውን ክንውስኸሉ ንኽእል። ንሓዋሩ ከኣ ጂኦተርማል ኣሎ። ኣብዚ ዓቢ ስንጭሮ (ሪፍት ቫሊ) ዝበሃል ቦታ፡ ዕቑር ናይ ጂኦተርማል ዓቕሚ ኣሎ፥ ገና ኣይተጠቐምናሉን፥ ገና ኣይማዕበለን። ክንጥቀመሉ ኣለና። ካብኡ ሓሊፍና እውን ኑክለር ክንጥቀም ንኽእል ኢና። እቲ ዘገርም፡ ቀደም መዓስከር ቃኘው ኣብ ኣስመራ ክምስረት እንከሎ፡ ሽዑ ኣመሪካውያን ዘካየዱዎ

መጽናዕቲ ነይሩ። ናይ ሓሙሽተ ሜጋ ናይ ኑክሌር መመንጨዊ ጸዓት ኣብ ኣስመራ ክተኽሉ ሓሳብ ነይሩዎም። ነቲ ሽዑ ዝነበረ ናታቶም ናይ ጸዓት ብድሆታት ንምፍታሕ። እዚ ተኽእሎ'ዚ እውን ርሑቕ እዩ፡ ኣይነርክበሉን ኢና ንብሎ ኣይኮነን። በዚ ሒዝናዮ ዘለና መደብ መሰረት፡ ቀዳማይን ናይ ቀረባን ታርጌትና 360 ሜጋ ምምንጫው እዩ። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር 12 ሚኒ ግሪድስ ይህልወና። ሓደ ሚኒ ግሪድ፡ ኣብ ሓደ እግሪ እኳ እንተዘይኮነ፡ ብንእሽቶ ጀሚሩ 30 ሜጋዋት ናብ ዘመንጨወሉ ዓቕሚ እናዓበየ ይኸይድ። ኣብ መወዳእታ እዚ ንኡሳን ርባባት፡ በበይኑ ተነጻጺሉ ዝኸይድ ኣይኮነን። ንሓድሕዱ ተለጋጊቡ ሓደ ሃገራዊ ግሪድ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ሕጂ ዝስራሕ ዘሎ ናብቲ ሃገራዊ ግሪድ መብጽሒ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ። ነቲ ርባባት ኩሉ ድሕሪ ምልጋብና፡ ብ360 ሜጋዋት ጀሚርና ዓቕሙ ናብ 2000 ሜጋ ዋት ከነደይቦ እዩ - እቲ መደብ። እዚ ናይ ጸዓት መደብ፡ ዘድሊ ማስተር ፕላን ተዳልዩሉ ይስርሓሉ ኣሎ። ብኸመይ፡ መዓስ፡ ንዝብል እውን ናይ ግዜ ሰሌዳ ኣለዎ። ብኡ መሰረት ኣብ ትግባረ'ዩ ዝርከብ። ኣብ መንጎ ምናልባት ዝበለጸ ሓሳባት ክተምጽእ ትኽእል፡ ሓዲሽ ቴክኖሎጂ እውን ክተታታኣታቱ ትኽእል። ነዚ መደብ'ዚ ምቅልጣፍ ሓደ ካብ ቀዳምነታትና እዩ። ክትዛረበሉ ቀሊል እዩ። ብግብሪ ክትሰርሓሉ ግን፡ ጸወታ ኣይኮነን። ልዕሊ ኩሉ ንኡ ዝኸውን ሞያዊ ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ የድሊ። ኣብዚ ዓውዲ'ዚ ክእለት ወሳኒ እዩ። ምወላ ተረኺቡ ኣሎ፡ ቴክኖሎጂ ካብ ዝኾነ ቦታ ክንገዝእ ንኽእል ኢና ኢልካ ትገብሮ ነኣይኮነን። ንኡ ከተካይዶ፡ ዘላቕነቱን ዕብየቱን ከተረጋግጽ፡ ክትጽግኖን ክትከናኸኖን ዘኽእለካ ሞያዊ ብቕዓት ከተጥሪ ኣለካ። ቅድሚ ሕጂ መፈተኒ ኢልና ኣብ ጽርግያታት ዝተኸልናዮ ናይ ሶላር መብራህቲታት ነይሩ። ብኡ ተኣማሚንካ ናይ ጽርግያ መብራህቲ ኣሎና ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ነቲ ሓዲሽ ቴክኖሎጂ መላለዪን ብዕምቈት መፍለጢን ክኾነና ይኽእል'ዩ ተባሂሉ ዝተኣታተወ እዩ። ንኡ ዝበቅዕ ዓቕሚ እውን ከነንሳጒስ ኣለና እናተባህለ ክስርሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብቲ ካልእ ጽላታት ኣብዞም ኩሎም ዝጠቐስኩዎም መደባት፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ፡ ፍወሳ ማይክዖታት ኮነ ጸዓት ን2026 እንታይ ክንገብር ኣለና ነናቱ ዝርዝራት ኣለዎ። እዚ መሰረታዊ ኮይኑ ካልእ ብዙሕ ናይ ልምዓት መደባት እውን ኣሎ። ንሱ እውን ዝጉሰ ኣይኮነን። ኣገልግሎት መጒዓዝያ ኣሎ፡ ምስዚ ናይ ጽርግያታት ምምሕያሽ፡ ኣገልግሎት መጒዓዝያ ሰብን ንብረትን እውን ክምዕብል ክኽእል ኣለዎ። መንበሪ ኣባይቲ እውን ምስቲ ቀዳምነታት ዝስራዕ እዩ። ምስ ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን ተኣሳሲሮም ዝተታሕዙ ብዙሓት ክትግበሩ ዘለዎም መደባት እውን ኣለዉ። ናይ ዕደና ፕሮጀክትታትና እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ እዩ። ጽላት ትምህርቲ ኣብዚ ናይ ልምዓት መደባት ከይድካ ከይድካ 'ካብ ጉይይ ምውዓል ክሳድ ምሓዝ' ዝበሃል ኣሎ።

ክሳድ ምሓዝ ማለት ትምህርቲ ማለት እዩ። ነዚ ኩሉ ናይ ልምዓት መደባት ጽላት ብጽላት፡ ኢንዱስትሪ ብኢንዱስትሪ ከተተግብር ኣብ መወዳእታ ንኡ ዝኽውን ሰብ የድልየካ። ሰብ እዩ ዝገብሮ። ማኪና ገዚእካ ከተምጽእ ትኽእል፡ ምወላ ካብዝን ካብትን ክትረኽበሉ ትኽእል፡ ንኡ ዝኽውን ጸጋታት እውን ከተንሳኡስ ትኽእል። ካብኡ ንላዕሊ ዘላቺ ዝኾነ ናይ ልምዓት መደባት፡ ጽላት ብጽላት፡ ኢንዱስትሪ ብኢንዱስትሪ ከተተግብር ናይ ሰብ ጸጋ እዩ እቲ ወሳኒ። ስለዚ ናይ ሰብ ጸጋኻ ከተማዕብል ኣለካ። ናይ ሰብ ጸጋ ከየማዕበልካ፡ ናይ ልምዓት መደባት የተግብር ኣለኹ ክትብል ናይ ጃህራ ዘረባ እንተዘይኮይኑ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ኩሎም እዞም ናይ ትሕተ-ቅርጺ፡ ማይ፡ ጸዓት፡ መንበሪ ኣባይቲ፡ መጒዓዝያ፡ ዕደናን ካልኦት ዝተፈላለዩ መደባትን ብኣድማዕነትን ዘላቕነትን ንምትግባር ብዘይ ትምህርቲ ኣይከውንን እዩ። ብዘይ ትምህርቲ ዝትግበር ናይ ልምዓት መደባት የለን። ኣብ ኩሉ ቀዳምነት ናይ ቀዳምነታት ኣሎ እንተድኣ ኮይኑ፡ ትምህርቲ እዩ። ስለዚ ኣብ ጽላት ትምህርቲ እቲ ሞያዊ፡ ቮኮሽናል፡ ቴክኒካል ዝበሃል ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ክንበጽሖ ናይዚ መድረኽ'ዚ ሓደ ካብ ዓበይቲ ቀዳምነትና እዩ። ኣኽል ታርፍ ሞያዊ ዓቕሚ ክህልወና ክኽእል ኣለዎ። ብሓደ ሽፍት ዝሰርሕ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ተቓያይሩ ብሰለስተ ኣርባዕተ ሽፍት ክሰርሕ ዝኽእል ዓቕሚ ከነጥሪ ክንክእል ኣለና። ኣብዚ ናይ ልምዓት መደባት ሰፊሕ ሱታፌ ህዝቢ ከነረጋግጽ ክበሃል እንከሎ፡ ሰፊሕ ሱታፌ ኣሃዝ ኣይኮነን። ሰብ ምእካብ ጥራይ ኣይኮነን። ብቕዓትን ክእለትን፡ ሞያን ተመኲሮን ዘለዎ፡ ብግብሪ ዘድምዕ ብቑዕ ዓቕሚ ሰብ ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። ብቕዓት ማለት ከኣ ኣብ መወዳእታ ሞያን ፍልጠትን እዩ። ናይ ግድን ዓበይቲ ባጀላታት ክህልወካ ማለት ኣይኮነን። ነቲ ዘለካ ካብ ዝተሓተ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ፡ ናይ ልምዓት መደባት ብብቕዓት ከተግብር ዝኽእል ሞያን ክእለትን የድሊ። ኣብ ሓደ ሞያ ዝሓተት ስራሕ እትምድቦ ሰብ እንተድኣ ኣሎ፡ ኣብ ክንዲ 24 ሰዓት ዝሰርሕ ስለምንታይ ብኽልተ፡ ሰለስተ ሽፍት ዘይሰርሕ፤ ከምኡ ዓይነት ብቕዓት ብዓይነትን ብዝሕን ክህልወካ ኣለዎ። ከምኡ ዓይነት ዓቕሚ ኣብ ልምዓታዊ ገስጋስ ዝህበካ ሓይሊ ቀሊል ኣይኮነን።




በዚ ዕላማ'ዚ ከነተግብሮ ዝጸናሕና ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ ናይ ምምልማል ስርሓት ጸኒሑ እዩ፡ ግን ከምቲ ዝድለ ኣይከደልናን። ስለዚ ዛጊት ብዝሰራሕናዮም ስራሓት ከይተነየትና፡ ዓበይቲ ነገራት ገይርና ከይበልና፡ ጽላት ብጽላት ዘሎ ዓቕሚ ሰብና ገምጊምና፡ ዘለና ብድሆ ፈሊጥና ንኡ ንምፍታሕ ብዝሓየለ ክንሰርሕ ኣለና። ዓመት ብዓመት ከነጥርዮ ዝዓለምናዮ ናይ ጸጋ ሰብ (ሂዩማን ሪሶርስ) መደባትና ከምቲ ዝደለናዮ ኣይከደን፡ ገና እቲ ዝደለናዮ ውጽኢትን ኣድማዕነትን ኣይመጽአን። ስለዚ ነቲ ስርዓተ ትምህርቲ፡ ብመሰረቱ ክንክልሶ ኣለና። ሓደ ካብ ዓበይቲ መደባት 2026- 2030፡ ብቐንዱ ምስ ናይ ትምህርቲ ትካላትና ዝተኣሳሰረ እዩ። ናይ ትምህርቲ ትካላት፡ ኮለጃትና ድየን፡ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዋላ ካብ ቅድመ ትምህርቲ ጀሚርና፡ ነዞም ዝጠቐስኩዎም ዕላማታት ብዝወቅዕ መንገዲ ክሰርሕ ምእንቲ፡ ነቲ ስርዓት (ሲስተም) ናይ ትምህርቲ ክንቅይሮ ኣለና። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ኣብ 2026 ቀዳምነት ኢልና እንሰርሓሉ መደባት ልምዓት እንተሎ፡ ውጥናት ክትሕንጽጸሉ ጸገም ኣይኮነን። ጸጋታት እውን ከተኻሳኍሰሉ ትኽእል። ካብ ጸጋታት ምጉስጓስ ንላዕሊ ግን ዝዓበየ ብድሆና፡ ናይ ሰብ ዓቕሚ እዩ። ስለዚ ሰብኣዊ ዓቕምና ኣብቲ ዝድለ ደረጃ ክበጽሕ ኣድማዒ ስርዓተ ትምህርቲ ምፍጣር ቀዳምነት ናይ ቀዳምነታትና እዩ። ካብ 2026 ክሳብ 2030 ዝኸይድ ናይ ልምዓት መርሓ ጐደና (ሮድ ማፕ) ኣለና። እቲ መደብ ዝበዝሐ ክፋሉ ኣብ ሽዱሽተ ዞባታት ዝተኸፋፈለ እዩ። ልዕሊ ዞባታት ዝኸይድ፡ ብደረጃ ሃገር ወይ ብሃገራውያን ትካላት ዝትግበር መደባት እውን ኣሎ። ኣብቲ ናይ ዞባታት መደብ ናይ ህዝቢ ሱታፌ፡ ናይ ምምሕዳራት ብቕዓት ዘሐይል ኣገባባት የድሊ። ኣብ 2026 ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ዝህሉ መደባት ብዝምልከት ኣብ ክንዳኦም ኮይነ ወይ ንእኦም ወኪለ ክዛረብ ኣይደልን እየ። ኣመሓደርቲ ዞባታት ቀሪቦም፡ ከተግብሩዎ ዝጸንሑ መደባት እንታይ ይመስል፤ ንቕድሚት ሰሪዮሞ ዘለዉ መደባት እንታይ እዩ፤ ቀዳምነታቶም ሓደ ብሓደ እንታይ'ዩ፤ ናይ ህዝቢ ሱታፌ ከረጋግጹ እንታይ ምድላዋት ገይሮም ኣለዉ፤ ኣብ 2026 ከመይ ገይሮም ከተግብርዎ እዮም፡ ቃለ-

መጠይቕ ክግበረሎም ይኽእል እዩ። እቲ ዝርዝራት ንኣታቶም ዝግደፍ ኣርእስቲ እዩ።

*• ክቡር ፕረዚደንት ምስዚ ናይ ልምዓት መደባት ተኣሳሲሩ፡ ኣብዚ ኣቲናዮ ዘለና መድረኽ ኣብ ዲያስፖራ ዝርከቡ ዜጋታትና፡ ብወፍሪ ይኹን ብካልእ ዘለዎም ዓቕምታት ኣብ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ኣበርክቶ ንክገብሩ፡ ዝተታሕዘ መደብ ብዝምልከት እንታይ መብርሂ ትህበና፧*

እዚ ኣርእስቲ'ዚ በይኑ ኣልዒልካ እንተ ዝዝረበሉ ምሓሸ'የ ዝብል። ምኽንያቱ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ህዝቢ ምስታፍ ማለት ኣብ ውሽጢ ዘሎ ይኹን ኣብ ደገ ቀሊል ኣርእስቲ ኣይኮነን። ናይ ዲያስፖራ ሓዲሽ ምህዞ ኣይኮነን። ኣብ ሓርነታዊ ቃልስና፡ ኣብ ደገ ዝነበሩ ዜጋታትና ተሳትፎኦም እንታይ ይመስል ነይሩ፡ እንታይ ኣበርክቶ ገይሮም - ፍሉይ ቅያ እዩ። ብዛዕባኡ መወዳእታ ዘይብሉ ዛንታ ምዝንታው ይከኣል እዩ። ሕጂ'ኸ ኣብ መድረኽ ናጽነት፡ ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታትና እንታይ እዩ ቦታኦም፧ ሓርበኛነቶም፡ ሃገራውነቶም፡ እንተድኣ ኢልካ ካብቲ ናይ ቅድም ዝተፈልየ ኣይኮነን። ዘለዎም ግደ ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ሕቶ ግን ብቐንዱ ኣብኡ ኣይኮነን። ኣብ ቁጠባን ህንጻት ሃገርን ናታቶም ሱታፌ ኣድማዒ ዝኾነሉ መንገዲ ምእንቲ ክንፈጥር፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ዝሓዝናዮ ገና ዘይተግበርናዮ መደብ ኣሎ። ብስንፍና ኣይኮነን፡ ቅድም ንኡ ዝኸውእዩ። ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ዜናዊ ዝበሃል መኸተ። እዚ ሓዲሽ እውን ኣይኮነን። ግን መላእ ህዝብና ዝሳተፎ ክኸውን ስለዝግባእ እዩ። ኣብ ደገ ዘለዉ ብፍላይ፡ ዝበለጸ ዕድል ኣለዎም። ኣብ ፖለቲካዊ መኸተ፡ ናቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ጥራይ ዘይኮነ፡ ምሕዝነታቶም ምስ ዝተፈላለየ ኣካላት እናስፍሑ ንቕሓትን ኣፍልጦን ብዛዕባ ሃገሮም ክብ ንምባል ክሰርሑ ውዳበኦም ዝያዳ ከሐይሉ ኣለዎም። ዲፕሎማሲያዊ መኸተ፡ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታት ብመንገዶም ኢኻ ተካይዶ። ኤምባሲታት ኣለና፡ እንተኾነ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታት ብኤምባሲታት ጥራይ ዝግበር ኣይኮነን። ኩሉ ኣብ ደገ ዘሎ ዜጋ ሓላፍነቱ ተሰኪሙ ክሰርሓሉ ዘለዎ ዕማም እዩ። እቲ ሳልሳይ ዜናዊ መኸተ እዩ። ምስዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ሚድያ ኩነታት፡ ሓሶት፡ ምጽላም፡ ምድንጋር፡ ምዝንባዕ (distortions) ኣብ ደገ ዘሎ ህዝቢ ሱታፌኡ ኣብ ዜናዊ መኸተ ዝያዳ ክሕይል ክኽእል ኣለዎ። ብእኩብ ይኹን ብውልቂ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ፡ ኣብ ደገ ዘሎ ክዋስኣሉ ዘለዎ እዩ። ሓድሽ ኣርእስቲ ኣይኮነን፡ ቅድሚ ሕጂ እውን ክሰርሑሉ ጸኒሖም እዮም፡ ግን ዝያዳ ንምሕያሉ ዝበለጸ ውዳበ ይሓትት። እቲ ካልእ ናይ ሱታፌ ዓውዲ ብቐንዱ ኣብ ልምዓት እዩ። ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ዜጋታትና ኣብ ኩሉ ናይ ልምዓት መደባት ክሳተፉ ን ንጹር ውጥን ክህልወና ኣለዎ ተባሂሉ ወረቐት ተዳልዩ እዩ። ኣብ ምንታይ እዮም ክሳተፉ ንዝብል ሕቶ ኣብ ክልተ ከፊልና ክንርእዮ ንኽእል። ሓደ መኸተ ዘኽእሎም ባይታ ክንፈጥር

ኣለና። ኣብ ዕደና፡ ሕርሻ፡ ሃብቲ ባሕሪ፡ ማይ፡ ጸዓት፡ ትሕተ ቅርጺ፡ ኣብ ነንበይኖም ናይ ኣገልግሎት መደባት ክሳተፉ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ ናይ ሕርሻ ፕሮጀክትታት፡ ብውልቒ ይኹን ብጉጅለ ዝሳተፉሉ ዕድል ክኽፈተሎም ኣለዎ። እዚ ዝተሓዝአ'ዩ፡ ናይ መንግስቲ፡ ዘይመንግስቲ፡ ናይ ብሕቲ ዝበሃል ዘረባ የለን። ኣብ ደገ ዘለዉ በብዓቕሞም ብውልቒ ድዩ ተኣኪቦም ከም'ዚ ክንገብር ንኽእል ኢና፡ ኣነ ብውልቀይ እዚኣ ክገብር ይኽእል'የ ንዝብሉ ንኡ ዝኸውን መርሓ ተዳልዩ ጸኒሑ፡ ብቐጥታ ከውፍሩ ዝኽእሉሉ ባይታ ክፍጠረሎም ኣለዎ። እቲ ዝግበር ወፍርታት ብሓቂ ኣድማዒ ክኸውን ከኣ መርሓ የድሊ። ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታት ብገንዝብ፡ ብፍልጠትን ሞያን ነቲ ሃገራዊ ህንጸት ዝድርኽሉ ኩነታት ክንፈጥር ኣሎና። ብፍላይ እቶም ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝረኸቡ ዜጋታትና ኣብዚ ኣቐዲመ ክጠቕሶ ዝጸናሕኩ ናይ ትምህርትን ናይ ሰብ ጸጋ ምጉስጓስን መደባት ምሉእ ተሳትፎ ክገብሩ ኣለዎም። ካብ 2026 ክሳብ 2030 ክትግበር ተወጢኑ ኣብ ዘሎ ሃገራዊ መደባት ልምዓት፡ ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታትና ክገብሩዎ ዘለዎም ኣበርክቶ መወዳእታ የብሉን። ኣብ ምርምር፡ ኣብ ዝተፈለለየ ዝተራቐቐ ሞያታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሓዲሽ ተክኖሎጂታት፡ ነዚ ናትና ስርዓት ትምህርቲ ኣብ ምሕያል ናይ ደገ ዜጋታት ግደ ኣነኣኢስካ ዝርአ ኣይኮነን። እቲ ዝበዝሕ ስርሓት ንሳቶም ክዓምዎ ዘለዎም እዩ። እዚን እዝን ክገብሩ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ብደረጃ ሓሳብ ከተቕርቦ ዘጸግም ነገር ኣይኮነን። እቲ ሓሳባት ዘከራኽር የብሉን፡ ቅቡል ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ከመይ ገይርካ ትሰርሓሉ እዩ። ብሃሰሰ ለባም ኣየዋጻጽኣናን እዩ። ስለዚ ከመይ ገይርና ኢና ነሳትፎም፡ ቅድም ንኡ ዝኸውን ውጥን ክነነጽር ኣለና ዝብል ሓሳብ መጺኡ። ነዚ ንምግባር ዳታ ክንእክብ ኣለና፡ ዳታ በይዝ ኮፍ ኣቢልና ክንሰርሕ ክንክእል ኣለና፡ መን ኣበይ ኣሎ፧ እንታይ'ዩ ትምህርቱ፡ ሞያኡ፡ ብቕዓቱ፧ ኣብ ምንታይ ክሳተፍ ይኽእል፧ ንኡ ዝምልከት እንታይ ፍሉይ ተልእኾ ክንህቦ ንኽእል፧ ዝብል ሕቶታት ክንምልስ ኣለና። ብእኩብ ዝካየድ እንተኾይኑ'ውን ከመይ ክራኸቡን ክወዳደቡን ይኽእሉ ክዝርዝር ክኽእል ኣለዎ። ምዕባለታቱ ንምክትታል ከኣ፡ ዳታ ክህሉ ኣለዎ። ብዘይ ዳታ ዝኾነ ውጥን ከተውጽእ፡ ዝኾነ መደብ ከተካይድ ዝከኣል ኣይኮነን። ብባህጊ፡ ብዘረባ፡ ብመግለጺታት ነቲ ድልየትን ባህግን ሓሳብን ከተዳምቕ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ስራሕ ክትመጽእ ከለኻ ግን፡ ቅድም ቀዳድም ዝርዝር ሓበሬታ ወይ ዳታ ክህልወካ ኣለዎ። ነቲ ዝህልወካ ዳታ እውን ብብቕዓት ከተማሓድሮ ክትክእል ኣለካ። ምስዚ ዘሎ ናይ (cybber) ዘመን ሓደጋታት፡ ምስ ዝተፈላለየ ዕንቅፋታት፡ ዝተፈላለየ ብድሆታት፡ ነቲ ኣርኪተክቸር ወይ ቅርጺ ተጠንቂቕና ክንሕዞ ኣለና። ተጻባኢ የለን፡ ዝዘርግ የለን ኢልና ክንሓስብ ኣይንኽእልን። ዳታና ኣኪብና ብግቡእ ክነካይዶ ምእንቲ፡ ንኡ ዝበቅዕ ሓደ መደብ (platfform) ክህልወና ኣለዎ። ቅድም ንኡ

ዲዛይሓበሬታታት፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ ቅሉዕ ባይታ ክንድርብዮ ዝግባእ ኣይኮነን። ስለዚ ውሑስ (seccure) ብዝኾነ ስርዓት ዳታ ናይ ምእካብን ምምስራሕን መደብ ክህልወና ኣለዎ። ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታትና'ውን ኣብኡ ብዙሕ ኣበርክቶ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ክሳብ ሕጂ'ውን ዘበርከትዎ ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኣበርክቶ ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃኡ ክተብጽሖ ክትክእል ምእንቲ፡ እቲ ንኣታቶም ዝወሃብ ተልእኾታት ብእኩብ ይኹን ብውልቀ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታትን ኢንዱስትሪን ክንጽርን ብኡ መሰረት ክዋፈሩ ዕድል ክወሃቦምን ኣለዎ። ዳታ ንምእካብ ክስራሓሉ ጸኒሑ ኣሎ፡ ሰለስተ ዓመቱ ገይሩ፡ ራብዓይ ዓመቱ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ክጻፈፍን ክውዳእን ኣለዎ። ምኽንያቱ እንታይ ገደሰና ዘዝቐደመልና ዘዝጠዓመልና ንግበር ኢልካ ብታህዋኽ ዝግበር ኣይኮነን። እቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ፡ ኣድማዒ ሱታፌ ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ዜጋታትና ኣብ ኩሉ ናይ ልምዓት መደባት ምርግጋጽ እዩ። ዝዓበየ ካብኡ ከኣ ኣብ ምምዕባል ጸጋ ዓቕሚ ሰብና ክህልዎም ዝግባእ ኣበርክቶ እዩ። ን ከይገበርና፡ እንካ ወረቐት መሕትት (ኮሺነሪ) ኣለካ፡ ምላእ፡ ዝርዝር ሓበሬታታት ኣብኡ ኣእትዎ፡ ተባሂሉ ናይ ውልቀ ሰብ እዚ ንፖለቲካ ኣይኮነን፡ ንስለ ዘረባ ጨረምረም ንምባል ኣይኮነን። ንሕና ከም ካልኦት ኣይኮንናን።

ናትና ናይ ገዛእ ርእስና ፍሉይ ብድሆታትን ኩነታትን ኣለና። ስለዚ ውዳበና ከም ህዝቢን ሃገርን፡ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ፡ ማዕረ እቲ ብድሆታትና ክኸይድ ኣለዎ። ናትና ፍሉይነት ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ኣድማዒ ሱታፌ ዘረጋግጽ ፕሮጀክትታት ክነተግብር ኣለና። ሱታፌ ብፍቕዲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሱታፌ ብዓይነት ኣድማዒ ዝኾነሉ ስርዓት ክንፈጥር ኣለና። ሱታፌ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝቢ ይኹን ኣብ ደገ ኣብ መወዳእታ ነቲ ዝድለ ሸቶ ከም ዝወቅዕ ክኸውን፡ ጥንቁቕን ጽፉፍን ኣወዳድባ ዝሓትት እዩ። ነዚ ለይትን መዓልትን ንሰርሓሉ ኣለና። ኣድማዕነቱ ብግብሪ እናለካዕናዮ ክንከይድ ኢና፡ ሸቶኡ ከም ዝወቅዕ ድማ ዘጠራጥር የለን። ብታህዋኽ ኣቋራጫት በዚ ኣሎ፡ በቲ ኣሎ፡ ኢልና ንኸዶ ዘይኮነ፡ ነዚም ኣቐዲመ ክጠቕሶም ዝጸናሕኩ ኣማሊእና ክንሰርሕ ምእንቲ፡ ብደረጃ ዞባታት ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝቢ ይኹን ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታትና ዘተግብሩዎ መደባት ኣብ ውጥን ሃገራዊ ልምዓት 2026-2030 ኣትዩ፡ ዝድሊ መርሓ ጎደና ተዳልዩሉ ኣሎ። ኣብ 2026 ከመይ ኣቢሉ ይብገስን ይትግበርን ርኢናን ገምጊምናን ድማ፡ ሰሊጡናን ኣይሰለጠናን ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ክንዛረበሉ ኢና። ሓዳስ ኤርትራ ጥሪ 2026